
# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 34 ዓመት ቁ.236 ሰሉስ 3 ሰነ 2025 ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2 ዜና

ገጽ 3 ምርጋእ ደም ኣብ ሰራውር


ገጽ 4 ውድድር ፈጠራዊ ሓሳብ. . .


ገጽ 5 ኣማኢት ዕንባባታት የኩላዕልዓ


ገጽ 11 ቅድድም ብሽክለታ 'ዋንጫ ሰማእታት' ጀሚሩ



## ሚኒስተር ዑስማን ሳልሕ ምስ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ህንዲ ዘትዩ



ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣቶ ዑስማን ሳልሕ፣ ብ1 ሰነ ኣብ ከተማ ደልሂ ምስ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ሪፓብሊክ ህንዲ ዶ/ር ጃይሻንካር ተራኺቦም።

ኣብ'ቲ ርክቡ፡ ክልተኣዊ ዝምድና ኤርትራን ህንዲን ንምድንፋዕ ብሓፈሻ፡ ኣብ ጽላታት ጥዕና፡ ትምህርቲ፡ ንግዲን ወፍሪን ዝግበር ምትሕብባር ንምዕዛዝ ድማ ብፍላይ ዘተኰረ ምይይጥ ኣካይዶም።

ብዘወሳኺ፡ ኣብ ህልው ኩነታት ቀርኒ ኣፍሪቃ፡ ዞባ ቀይሕ ባሕርን ህንዳዊ ውቅያኖስን'ውን ዘትዮም።

ኣብ'ቲ ርክቡ ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ህንዲ ኣቶ ኣለም ጸሃየ ተሳቲፎም ነይሮም።

## ኣዛዚ እዚ ምዕራብ፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ኣቑርደት ሰሚናር ኣካዩ


ኣዛዚ እዚ ምዕራብ ብርጋዴል ጀነራል እዮብ ፍስሃየ (ሓሊባይ)፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ኣቑርደት ንዝርከቡ ሰራሕተኛታት መንግስትን ኣባላት ሓይልታት ምክልኻልን፡ ኣብ ህልው እዋናዊ ጉዳያት ዘተኰረ ሰሚናር ብ29 ግንቦት ኣካይዱ።

ኣብ'ቲ ብጨንፈር ሃማመተኤ ዞባ ጋሽ-ባርካ ዝተወደበ ሰሚናር፡ ብርጋዴር ጀነራል እዮብ፡ ህዝቢ ኤርትራ ንዘካየዶ ፖለቲካውን ዕጥቃውን ቃልሲ፡ ኣንጻሩ ዝተጐበረ ውዲታትን ተንኮላትን ክኸፍሎ ዝተገደደ ዋጋ፡ ዝሰሰኑሉ ክብረታትን ካልእን ብዝርዝር ድሕሪ ምብራህ፡ ኣብ'ዚ ዘለናዮ መድረኽ፡ ኩሉ ሰራሕተኛ መንግስቲ ኣብ ከባቢኡ ጸላዊ ተራኡ ንኽጻወት ኣብርክቶን ክህልዎ ትጽቢት ከም ዝግበር ኣዘኻኺሩ።

ብርጋዴል ጀነራል እዮብ ኣስዒቡ፡ መንእሰያት ንቕሓቶም ብምብራኽ ብትምህርትን ሞያን ናብ ዝለዓለ ደረጃ ንኽበጽሑ፡ መንግስቲ ኣርሒዩዎ ዝዘሎ ዕድላት ብግቡእ ክጥቀሙሉ ኣተሓሳሰበ።

ተሳተፍቲ ኣብ መወዳእታ፡ ኣብ ህልውን እዋናውን ዞባውን ኣህጉራውን ጉዳያት ዝግበር ሰሚናራት፡ ኣብ ምምዕባል ሓያሳቲ ወለዶታት ኣገዳሲ ስለዝኾኑ፡ ብስሩዕ ክቕጽል ተማሕጺኖም።





## ጽንብል ናጽነት፡ ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት ተባዒሉ

መበል 34 ጽንብል ናጽነት ኤርትራ፡ "ማስመርና ድርዕና" ብዝብል ቴማ፡ ኣብ ኬንያ፡ ፊንላንድ፡ ከምኡ'ውን ሚኒሶታን ኦረንጅ ካውንቲን - ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ብኽብ ዝበለ ስነ ስርዓት ተጻንቢሉ።

ብ25 ግንቦት ብኣሸሓት ዝቖጸሩ ካብ ዝተፈላለያ ከባቢታት ኬንያ ኣብ ናይሮቢ ዝተኣኻኸቡ ኤርትራውያን፡ ኣምባሳደራት፡ ዲፕሎማስያታት፡ ሰበ-መዚ ሕቡራት ሃገራትን መንግስቲ ኬንያን ከምኡ'ውን ዕዱማት ኣብ ዝተረኽብሉ መድረኽ ኣምባሳደር በየነ ርእሶም ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ንትርጉም ናጽነትን ስለኡ ዝተኸፍለ ዋጋን ብምጥቃስ፡ ነቲ ጽንብል ንምምዕራግ ኣበርክቶ ንዝገበሩ ወገናት ምስጋና ኣቕሪቡ።

እቲ ጽንብል፡ ብባህላዊ መሰናድኦታት ዝተሰነየ ምንባሩ፡ ካብ'ቲ ቦታ ዝጸንሓና ሓበሬታ ኣፍሊጡ።

ኣባላት ማሕበረኮም ኤርትራውያን ኣብ ፊንላንድ'ውን፡ ብ24 ግንቦት ኣብ ከተማ ሄልሲንኪ ድሙቕ ጽንብል ኣካይዶም።

ኣብ'ቲ ብባህላውን ስነ-ጥበባውን መሰናድኦታት ዝደመቐ ኣጋጣሚ፡ ኣቦ-መንበር ማሕበረኮም ኣቶ ርብል ኣሮን ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ናጽነት ኤርትራ ንምምጻእን ንምዕቃብን ንዝተኸፍለ ሪዚን ዋጋ ብምጥቃስ፡ ጽንብል ናጽነት መድረኽ ምስትግጋር ኤርትራዊ ክብረታት'ውን ስለዝኾነ፡ ስድራቤታት ዓቢ ኣተኩሮ ሂቦም ክሰርሐሉ ተላቢዩ።

ብተመሳሳሊ ኣብ ሚኒሶታን ኦረንጅ ካውንቲን - ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ዝነብሩ ዜጋታት ብበወገኖም ኣብ ዘወደብዎ፡ ቈልዑን መንእሰያትን ማእከል ዝገበረ ምዕሩግ ጽንብላት፡ ሃገራዊ መደባት ንምዕዋት ጥርናፈኦም ኣይልዱሉም ከም ዝሰርሑ ኣረጋጊጾም።




## ሞልቀ - ዝርግሐ ዕድል ትምህርቲ ይሰፍሕ

ኣብ ንኡስ ዞባ ሞልቀ፡ ዝርግሐ ትካላት ማሕበራዊ ኣገልግሎት ብሓፈሻ ኣገልግሎት ትምህርቲ ድማ ብፍላይ ንምስፋሕ ብዝተወስደ ስጉምቲ፡ ዝርግሐ ትካላት ትምህርቲ ዝማሰሉ ዕቤት ከም ዝተመዝገበ ተገሊጹ።

ሓላፊ ኣገልግሎት ትምህርቲ መምህር ህያቡ ጎይትኦም ንሓፈሻዊ ኩነታት ትምህርቲ ናይ'ቲ ከባቢን ድሕሪ ናጽነት ዝተመዝገበ ለውጥን ኣመልኪቱ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ቅድሚ ናጽነት ኣብ ትኹል ዓዲ-ጸጸርን ማይደገዓለን ሰለስተ ናይ መባእታ ኣገልግሎት ዝህባ ትካላት ጥራይ ከም ዝነበራ፡ ድሕሪ ናጽነት ብዝተገብረ ገዚፍ ወፍሪ ግን እቲ ቁጽሪ ናብ 25 ብምዕባዩ ርሑብ ናይ ትምህርቲ ዕድል ከም ዝተረኸበ ኣረዲኡ።

እተን ትካላት፡ ካብ ቅድመ-ትምህርቲ ክሳብ መባእታ ዝማህራ 16፡ ናይ ማእከላይ ደረጃ 7፡ ናይ ካልኣይ ደረጃ ድማ 2 ከም ዝኾና'ውን ኣፍሊጡ።

መምህር ህያቡ ኣብ መወዳእታ፡ ዝርግሐ ዕድል ትምህርቲ ብመንጽር ምምሕዳራት ከባቢ 89 ሚእታዊት፡ ብመንጽር ዓድታት ድማ 40 ሚእታዊት በጺሑ ከም ዘሎ ብምጥቃስ፡ ካብ'ተን ልዕሊ 17,500 ተመሃሮ ኣብ መኣዲ ትምህርቲ ከም ዝርከቡ ኣፍሊጡ።

ኣብ ንኡስ ዞባ ሞልቀ፡ 19 ምምሕዳራት ከባቢን 61 ዓድታትን ኣለዋ።

ዜና

# ዞባ ማእከል - ብማሕበራዊ ስነ-ፍልጠት ዝሰልጠኑ ተመሃሮ ተመሪቖም






ጨንፈር ሃማመተኤ ዞባ ማእከል፡ ብማሕበራዊ ስነ-ፍልጠት ዘሰልጠኖም 60 ማእታዊት ደቀ'ንስትዮ ዝርከብኦም ልዕሊ 3,836 ተመሃሮ ማእከላይን ካልኣይን ደረጃ፡ ብ31 ግንቦት ኣብ ኣዳራሽ ሲነማ ሮማ ተመሪቖም።

እቲ ስልጠና፡ ሃገርን ሃገራውነትን፣ መንእሰያትን ሃገራዊ ኣገልግሎትን፣ ኣሰሓሕዳ ሃገራዊ ቻርተር፣ ቴክኖሎጂ ሓበሬታን ትርጉም ስነ-ሓሳብ፣ ኣምራት ፖለቲካን ፍልስፍናን ሃይማኖትን፣ ከምኡ'ውን ታሪኽ ሃማመተኤ ዘጠቓለለ'ዩ ነይሩ።

ሓላፊ ናይ'ቲ ጨንፈር ኣቶ ሳምሶም ክፍለ ኣብ ዘስምዖ ቃል፡ ማሕበር ንቕሓት መንእሰያት ብምብራኽ ውዳበታቶም ንምሕያል፡ ምስ ኩሎም ኣካላት መንግስትን ግንባርን ተወሃሂዱ ይሰርሕ ከምዘሎ ሓቢሩ።

ኣቦመንበር ሃማመተኤ ኣቶ ሳልሕ ኣሕመዲን ብወገኑ፡ ሰልጠንቲ ብዘቐሰምዎ ስልጠና ኣብ መኩኦም ጸላዊ ተራ ክህልዎም ብምልባው፡ ተመሳሳሊ ስልጠናታት ብዝተወደበ መልክዕ ከምዝድፋኣሉ ገሊጹ።

ኣብ'ቲ ዕለት፡ ኣብ ኣካዳሚያዊ ትምህርቶም ዕዉታት ንዝኾኑ ተመሃሮን ኣበርታውያን መምህራንን ሽልማት ተዋሂቡ።

# ዓንሰባ - ቅነ ውዳበታት መንእሰያት ብደረጃ ንኡሳን ዞባታት ተኻዪዱ



"ፍልጠትና፡ ሞያናን ክእለትናን ንሓፋሽ ህዝብና!" ብዝብል ቴማ ብጨንፈር ሃማመተኤ ዞባ ዓንሰባ ዝተወደበ 9ይ ቅነ ውዳበታት መንእሰያት ብደረጃ ንኡሳን ዞባታት፡ ካብ 19 ክሳብ 28 ግንቦት ኣብ ንኡስ ዞባታት ሃብሮ፡ ኣስማጥ፡ ሓልሓል፡ ዒላበርዕድ፡ ዓዲተክለዛን፡ ሓመልማሎን ሓጋዝን ተኻዪዱ።

እቲ ብደረጃ ተመሃሮ፡ መንእሰያት ሰራሕተኛታትን ምምሕዳራትን ክበብን ዝተኻየደ መደባት፡ ዘመናውን ያታውን ባህሊ፡ ጉጅለታት ቀያሕቲ ዕንቡባ፡ ያታዊ ቁንጅና፡ ድራማ፡ ትልሂት፡ ሓፈሻዊ ፍልጠት፡ ስነጽሑፍ፡ ፈጠራዊ ሓሳብ፡ ምህዞ፡ ስእሊ፡ ቅርጺ፡ ዑደት ኣብ ልምዓታውን ታሪኻውን ቦታታት፡ ከምኡ'ውን ንመንእሰያት ዘገድስ ካልእ ንጥፈታት ዘጠቓለለ ነይሩ።

ኣብ ዝተኻየደ መዛዘሚ ስነ-ስርዓት፡ ሓለፍቲ ሃማመተኤ ኣብ'ተን ንኡሳን ዞባታት ኣብ ዝሃብዎ መግለጺ፡ እቲ ብመልክዕ ውድድር ዝተኻየደ ቅነ፡ ውሽጣዊ ዓቕምታትን ዝንባለታትን መንእሰያት ንምልላይ ዓቢ ግደ ከምዝጸወተ ገሊጾም።

ኣመሓደርቲ ናይ'ተን ንኡሳን ዞባታት ኣብ ዘቕረብዎ መደረታት፡ ውዳበታት መንእሰያት ብምሕያል ኩለመዳያዊ ዓቕምታቶም ንምብርባር ንዝካየድ ዓመታዊ መደብ ዘለዎም ደገፍ ብምግላጽ፡ ንዚያዳ ኣድማዕነት ወሀድ ተሳትፎ ናይ ኩሎም ኣካላት ከየዝዘ ተላብዮም።

ቅነ ውዳበታት ሃማመተኤ ዞባ ዓንሰባ፡ ብደረጃ ንኡሳን ዞባታት ጽባሕ 31 ግንቦት ዝዛዘም ክኸውን ከሎ፡ ብደረጃ ዞባ ድማ ኣብ መወዳእታ ወርሒ ሰነ 2025 ከምዝካየድ፡ ካብ ጨንፈር ሃማመተኤ ዝተረኽበ ሓበሬታ የረድእ።


## ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**

ብርሃነ ምሕረትኣብ

**ምክትል ኣሰናዳኢ**

ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ተስፋኣለም የማነ

ቍ.ስ 201820 (250)

ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጸ. 247

**ለይ-ኣውት**

ፍርቱና ኤፍሬም    ትንሱእ ፍስሃየ

ሳምራዊት ሃብተ    ሰሎሜ ኣፈወርቂ

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**

ቍ.ስ.163471-07588045

**ምልክታ**

ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳ.ጸ. 1284


# ፎሮ - ኣብ ዝርግሐ ኣብያተ-ትምህርቲ ዝምስገን ዕብየት ተመዝጊቡ

ኣብ ንኡስ ዞባ ፎሮ፡ ኣብ ቁጽሪን ዝርግሐን ኣብያተ-ትምህርቲ ዝማስገን ዕብየት ከምእተመዝገበ፡ ሱፐርቫይዘራት ትካላት ትምህርቲ ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ ገሊጾም።

ሓላፊ ስታትስቲክስ ኣብያተ-ትምህርቲ መምህር ዓሴክ ኣሕመድ ንኤሪና ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ቅድሚ ናጽነት ኣብ ፎሮ፡ ዘላን ኣፍታን 3 ናይ መባእታ ኣብያተ-ትምህርቲ ዝነበራ፡ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ክሳብ ካልኣይ ደረጃ ዝዘርግሓ 28 ኣብያተ-ትምህርቲ ከምዘለዋ ኣረዲኡ።

ዝርግሐ ኣገልግሎት ትምህርቲ ክሳብ ዝረሓቐ ከባቢታት ንምብጻሕ ብዕቱብ ክስራሕ ምጽንሑ ዝሓበረ መምህር ዓሴክ፡ እቲ ሽፈነ ብደረጃ ምምሕዳራት ከቢ. 98 ማእታዊት ከምዝበጽሐ ሓቢሩ።

ንተሳትፎ ተመሃሮ ኣመልኪቱ ድማ፡ ኣብ መባእታ ብ95 ማእታዊት፣ ኣብ ማእከላይ ደረጃ ብ48 ማእታዊት፣ ኣብ ካልኣይ ደረጃ ድማ ብ50.5 ማእታዊት ክዓቢ ከሎ፡ ብሓፈሻ ተሳትፎ ተመሃሮ ብኣስታት 92 ማእታዊት ከምዝዓበየ ኣረዲኡ።

ሓላፊ ትምህርቲ ንዓበይቲ መምህር ጀማል ዓሊ ብወገኑ፡ ቅድሚ ናጽነት 3 ነቑጣታት ጥራይ ዝነበራ፡ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ 46 በጺሐን ከምዘለዋ፣ በዚ ድማ መጠን መሃይምነት ዝጥፍኡ ዜጋታት ይስስን ከምዘሎ ገሊጹ።

ትምህርቲ ክጀምሩሉ ዝጕበኦም ዘበረ ዕድመ ንዝሓለፎም ቈልዑ ብመደብ ዓረዮት ናብ መኣዲ ትምህርቲ ንምምላስ ብዝካየድ ዘሎ ጻዕሪ'ውን፡ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ 6 ነቑጣታት ከምዘለዋ ሓቢሩ።

እቶም ሱፐርቫይዘራት ኣብ መወዳእታ፡ መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ንምድንፋዕ ሓያል ጻዕሪ ይካየድ ከምዘሎ ብምጥቃስ፡ ዝጸበር ጻዕሪ ፍረ ንኽርከቦ፡ ተራ ሕብረተሰብ ብሓፈሻ ናይ ወለዲ ድማ ብፍላይ ክዓዝዝ ተላብዮም።


## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:05 | ድራማ |
| 12:30 | ዜና ትግርኛ |
| 12:55 | ጩራ ጥዕና |
| 13:30 | ዜና ዓረብ |
| 13:45 | ለሰ ስፖርት |
| 15:15 | ዶክመንት |
| 15:40 | ዳህሳስ ሕትመት |
| 16:15 | ሰሙናዊ ፍጻመታት ስፖርት |
| 17:00 | ዜና ትግርኛ |
| 17:18 | ጽባቐ |
| 17:30 | ዜና ዓረብ |
| 17:45 | ዶክተራት ኣብ ስትድዮ |
| 18:25 | ዶክመንታሪ |
| 19:25 | ሃሎ ቆልዑ |
| 20:00 | ዜና ትግረ |
| 20:15 | መደብ ዋልታ |
| 21:00 | ዜና ትግርኛ |
| 21:25 | ዛዛሚ ኩናት |
| 22:00 | ዜና ዓረብ |
| 22:10 | ጥበብ |
| 22:30 | ዜና እንግሊዝ |

# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

## ምርጋእ ደም ኣብ ሰራውር




ምርጋእ ደም ኣብ ሰራውር (deep vein thrombosis - DVT) ሓደ ካብ ሓደገኛ ሕማም ኮይኑ፡ ብዙሕ ግዜ ካብ ዝተፈላለዩ ኣካላት ናብ ልቢ ደም ኣብ ዝመልሱ ሻምብቆታት 'ሽይን' የጋጥም። እቲ ዝረግአ ደም፡ ብኣግኡ ክፍወስ እንተዘይክኢሉ፡ ናብ ደረቕ ሳብስታንስ ስለ ዝቕየር፡ ኣብ ጉዳይ ዘዋላቡ ጥዕናዊ ጸገማት ከስዕብ ይኽእል።

ምርጋእ ደም ኣብ ሻምብቆ ብዙሕ ግዜ ኣብ ሰለፍ ወይ ኣብ ታሕተዋይ መሓውር እዩ ዝርአ። ይኹን'ምበር፡ ኣብ ኣደናን ኣብ ካልእ ክፋል ሰብነትናን'ውን ኪጋጥም ይኽእል እዩ።

**ምልክታት ምርጋእ ደም ኣብ ሰራውር**

መጽናዕትታት ከም ዘመልክትዎ፡ ምልክታት ናይዚ ሕማም ኣብ ኩሉም ጉዳያት ናይዚ ሕማም ብንጹር ኣይርአን እዩ። ገለ ካብቶም ክስተብሁሉም እንኽእል ልሙዳት ምልክታት ንምጥቃሱ፦

- ሕበጥ ኣብ እግሪ፡ ዓኮራይ፡ መላእ መሓውር። እዚ ምልክት እዚ ብዙሕ ግዜ ኣብ ሓደ ክፋል መሓውር ጥራይ እዩ ዝርአ።
- ምሽምቓቕ ጭዋዳ ኣብ ዝተጠቕዐ መሓውር። እቲ ምሽምቓቕ ብዙሕ ግዜ ኣብ ፈርሲ ዳንጋ እዩ ዝጅምር። ቀስ እናበለ ድማ ናብ ካልእ ክፋሊ ናይቲ መሓውር ክምዕበል ይኽእል።
- ከቢድን ክትገልጾ ዘይከኣልን ቃንዛ ኣብ እግርን ዓኮራይን።
- ኣብ ቆርበት ናይቲ ዝተጠቕዐ ክፋሊ ኣካል ምሕር ረሺ ምህላው።
- ሕብሪ ቆርበት ናይቲ ዝተጠቕዐ ክፋሊ ኣካል፡ ፋሕሻውን ቀይሕ ሕብሪ ክሕዝ፡ ወይ ከም ሕብሪ ቆርበት ጉዳያት ዘይንብር ሕብሪ ምስትብሃል።

ኣብ ኣእዳው ኣብ ዝርከብ ሻምብቆ 'ሽይን' ምርጋእ ደም ዘጋጠሞም ጉዳያት እዞም ልዒሎም ዝተጠቕሱ ምልክታት ኣየርእዩን እዮም። እዞም ከምዚ ዝበሉ ጉዳያት እዚኦም ካብ ዝርእይዎ ልሙዳት ምልክታት፦

- ቃንዛ ክሳድ፣
- ቃንዛ መንኩብ፣
- ሕበጥ ኣብ ቅልጽም ወይ ኣብ ታሕተዋይ ኢድ፣
- ሰማያዊ ወይ ፋሕሻው **ጸሊም ሕብሪ ቆርበት፣**
- ካብ ቅልጽም ተበጊሱ ክሳብ ታሕተዋይ ኢድ ዝበጽሕ ቃንዛ፣
- ምሕር ድኻም ኢድ ወዘተ እዮም።

ኣብ ሻምብቆታት ሳንቡእ ዘጋጥም ምርጋእ ደም'ውን ሓደ ካብቲ ቀታሊ ዓይነት ሕማም ምርጋእ ደም ኣብ ሰራውር እዩ። እዚ 'ፑልሞናርይ ኣፖሊዝም' (pulmonary embolism) ተባሂሉ እዩ ዝጽዋዕ። ብቐሊሉ ዝሃሰስ ምልክታት ስለ ዘይብሉ፡ ጉዳይ ሕክምናዊ መርመራ ብምክያድ ጥራይ እዮም ኑቲ ሕማም ክለልይዎ ዝኽእሉ።

'ፑልሞናርይ ኣፖሊዝም' እቲ ኣብ መሓውር ወይ ኢድ ረጊኡ ዝተኣከበ ደም፡ ናብ ሳንቡእ ድሕሪ ምእታዉ ዝኽሰት ሕማም እዩ። ሻምብቆታት ደም ናይ ሳንቡእ ምስ ዝዐጹ፡ ህይወት ዝፍትን ህጹጽ ሕክምናዊ ሓገዝ ዘድልዮ ሓደገኛ ሕማም እዩ።

ናብ ምርጋእ ደም ኣብ ሰራውር ዘብጽሑ ረቛሒታት

ኣብ ሰራውር ዘጋጥም ምርጋእ ደም፡ ደም ብዝግባእ ናብ ኩሉ ክፋሊ ኣካላትና ከይበጽሕ ዕንቅፋት ስለ ዝፈጥር ንዝተፈላለዩ ጥዕናዊ ጸገም ክንቃላዕ ይገብር እዩ።

ናብ ምርጋእ ደም ኣብ ሰራውር ዘብጽሑ፡ ወይ ኑቲ ጸገም ዘቃልዑ ዝተፈላለዩ ረቛሒታት እዮም ዘለዉ።

- መጉዳእቲ (Injury)፦ ኣብ መናድቕ ሻምብቆታት ደም ኪጋጥም ዝኽእል መጉዳእቲ፡ በቲ ሻምብቆ ንዝሓልፍ ዋሕዚ ደም ክዕጽዎ ወይ ክዕግቶ ይኽእል እዩ። ብሳዕቤኑ፡ ምርጋእ ደም ኪጋጥም ይኽእል።
- መጥባሕቲ (Surgery)፦ ሻምብቆታት ደም ኣቐዲሙ ብዝተዳየደ መጥባሕቲ ኣብ ኣካላት ናይ'ቲ ጉዳይ ክጉድኡ ይኽእሉ እዮም። ድሕሪ መጥባሕቲ ብዘይ ዝኾነ ምንቅስቓስ ንነዊሕ መዓልታት ኣብ ዓራት ምጉዳባው ንብዕሉ ንተኽእሎታት ምርጋእ ደም ኣብ ሻምብቆ ክዘይዶ ይኽእል እዩ። ሙብጣሕቲ ዝገበረ ሰብ ብትእዛዝ ናይ ክኢላታት ሕክምና ኣብ እዋኑ ዘድሊ ምንቅስቓስ ካብ ምክያድ ክዘንግዕ የብሉን።
- ብዙሕ ዘይምንቅስቓስ (Reduced mobility or inactivity)፦ ብተደጋጋሚ ንነዊሕ ሰዓታት ኮፍ ምባል ተዘውትር እንተኾንካ፡ ምርጋእ ደም ኣብ ሻምብቆ ኪጋጥመካ ልዑል ተኽእሎ እዩ ዘሎ። ንኣብነት፡ ነዊሕ ሰዓታት ዝወስድ ናይ ኣፉራት ጉዕዞ ምስ እተካይድ፡ ኣብ ታሕተዋይ መሓውር ደም ናይ ምእካብ ጸገም ኪጋጥመካ ይኽእል እዩ። እናሻዕ ኣእጋርካ ምስ ዘይተንቀሳቐሱ፡ ናብ መሓውር ክበጽሕ ዝጉብኦ ዓቐን ደም ክውሕድ ይኽእል። ብሳዕቤኑ፡ ምርጋእ ደም ኪጋጥም ይኽእል።
- ገለ ካብ ዓይነታት ፍወሳ (Certain medications)፦ ገለ ዓይነት መድሃኒት፡ ምርጋእ ደም ኣብ ሻምብቆ ኪጋጥመና ዝለዎ ተኽእሎታት የዛይዶ እዩ። ወሊድ ንምቍጽጻር ተባሂሉ ዝወሰድ መድሃኒት፡ ንህርሞናት ንምንቕቓሕ ተባሂሉ ዝውሰድ ፍወሳ ወዘተ ከም ኣብነት ምጥቃስ ይከኣል።
- ዕድመ (Age)፦ ምርጋእ ደም ኣብ ሻምብቆ ኣብ ዝኾነ ክሊ ዕድመ ኪጋጥም ዝኽእል ጥዕናዊ ጸገም ኮይኑ፡ ምስ ዕድመ ደምሩ ግና ዝያዳ ኺሉ ይርአ። ኣብ ትሕቲ 20 ዓመት ዝዕድሜኦም ሰባት፡ 1 ካብ 10,000 እቲ ሕማም ኪጋጥሞ እንከሎ፡ ካብ 80 ዓመት ንላዕሊ ኣብ ዝዕድሜኦም ሽማግለታት 1 ካብ 100 ጉዳይ ናይዚ ሕማም ከም ዝኾነ መጽናዕትታት የመልክቱ።
- ምኽሳዕ (Obesity)፦ ከሳዕ ወይ ልዕሊ ንቡር ክብደት ሰብነት ምውናን ኣብ ሻምብቆታት ደም መሓውር ልዑል ጸቕጢ ስለ ዝፈጥር ጉዳይ ምርጋእ ደም ኣብ ሰራውር ደም ናይ ምኻን ተኽእሎ ዝለዓለ እዩ ዝገብሮ።
- ነፍሰጾር ምኻን (Pregnancy)፦ ነፍሰጾር ምኻን፡ ብሕማም ምርጋእ ደም ኣብ ሰራውር ናይ ምጥቃዕ ተኽእሎ ካብ 5 ክሳብ 10 ሳዕ ዝዛይድ ይገብሮ።

ገለ ካብ ዓይነት ሕዱር ሕማም፡ ምርጋእ ደም ኣብ ሻምብቆ ኪጋጥመካ ዝለዎ ተኽእሎ የዕብዮ እዩ።

- ረኽሲ መዓናጡ፣
- ከም ጸቕጢ ደምን ድኻም ልብን ዝኣመሰሉ ሕማማት ልቢ፣
- እፊት/ ረኽሲ፣
- ሕማም ኣዝሞ፣
- ሕጽረት እስትንፋስ ኣብ ግዜ ድቃስ፣
- ሕማም ሽኮር ወዘተ ካብቶም ብቐዳምነት ዝጥቀሱ እዮም።

**ሓልክታት**

ሓደ ካብቲ ዝዓበየ ሓልክታት ምርጋእ ደም ኣብ ሻምብቆ፡ ምዕጻው ሰራውር ደም ኣብ ሳንቡእ ማለት 'ፑልሞናርይ ኣፖሊዝም' ክተማዕብል ዝጉብር ምኻኑ እዩ። እዚ ብኣግኡ ምስ ዘይፍወስ፡ ኣብ ሳንቡእ ከቢድ ዕንወት ከስዕብ ይኽእል።

- ምድንዛዝ፣
- ምርሃጽ፣
- ምስ ምስዓል ወይ ምስ ዓሚቝ ምስትንፋስ ዝተኣሳሰር ቃንዛ ኣፍ ልቢ፣
- ቅልጡፍ ዝኾነ እስትንፋስ፣
- ደም ዝተሓወሶ ዓኽታ፣
- ቅልጡፍ ዝኾነ ህርመት ልቢ፣ ምርጋእ ደብ ኣብ ሻምብቆታት ሳንቡእ ዘጋጠሞም ሰባት ካብ ዘርእይዎ ምልክታት እዮም።

እዞም ምልክታት እዚኦም ዝተራእዩ ሰብ ህጹጽ ዝኾነ ሕክምናዊ ሓገዝ ስለ ዘድልዮ፡ ተቐላጢፉ ናብ ሓኪም ክቐርብ ይግባእ።

**ፍወሳ**

ምርጋእ ደም ኣብ ሻምብቆ ዘጋጠሞ ሰብ፡ ኣብ ርእሲ'ቲ ብኽኢላታት ዝወሃቦ ፍወሳ፡ ኣብ ገዛ ክገብሮም ዝግባእ ክንክናት'ውን ኣለዉ።

ተደጋጋሚ ምንቅስቓስ

እንተተኻኢሉ መዓልታዊ ብእግሪ ምጉዓዝ የድልዮ። ብእግሪ ምጉዓዝ፡ ንውደት ደም የሐይሎ እዩ። ካብ ሓንሳብ ነዊሕ ርሕቀት ምጉዓዝ፡ ተደጋጋሚን ቀጻልነት ዘለዎን ሓጺር ርሕቀት ምጉዓዝ ጠቓሚ ምኻኑ ኣይትዘንግዑ።

**ኣእዳውካን ኣእጋርካን ኣብሪኽካ ኮፍ ምባል**


እዚ ዓይነት ኣገባብ ብፍላይ ንኣእጋርና ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ኣእጋርና ንነዊሕ ሰዓታት ኣብ መሬት ምስ ዝሀሉ፡ ኣብ ታሕተዋይ ክፋሉ ደም ክእከብ ይኽእል እዩ። ኣእጋርና ኣብ ጣውላ ወይ ሰድያ ኣደጊፍና ማዕረ ምሕኮልትና ምስ እነጋድሞ ግና፡ ደም ንኸይእከብ ክሕግዘና ይኽእል።

ጽቡብ ዝበለ ስረ ወይ ካልሲ ምውዳይ


እዚ ኣገባብ'ዚ ኣብ ኣእጋርና ክእከብ ንዘኽእል ደም ከም ዝእለ ብምግባር፣ ካብ ሕበጥ ክከላኸለልና ይኽእል።

ጥዕና ዘለዎ ኣመጋግባ ምዝውታር

ኣሕምልትን ፍረታትን ከምኡ'ውን ልዑል ጽሕጊ ዘለዎም ዓይነት መግቢታት ምምጋብ ምርጋእ ደም ኣብ ሰራውር ንዘጋጠሞም ሰባት እቲ ዝበለጸ ኣገባብ እዩ።



ምንጪ፦ health line




## ትሕዝቶን ዕማምን ደም

ደም፡ ፕላዝማ ብዝበሃል ካብ ማይ ቀሩብ ብዙሓፍስ ፈሳስን ብዋህዮታትን ዝቖመ እዩ። ፕላዝማ ኣስታት 55 ሚእታዊት ናይ ደም ዘቖውም ኮይኑ፡ ብሩህ ማያዊ ክፋል ናይ ደም'ዩ። ዝበዝሐ ክፋል (ማለት 92 ሚእታዊት) ትሕዝቶ ፕላዝማ - ማይ እዩ።

ዋህዮታት ደም ኣስታት 45 ሚእታዊት ናይ ደም ወሃደት የቑሙ - እዚኦም ኣብ ፕላዝማ ዘንሳፍፉ ቀያሕቲ ዋህዮታት፡ ጻዕዱ ዋህዮታት፡ ከምኡ'ውን ፕላትሌት ይብሃሉ።

ደም ዝተፈላለየ ዕማም ብዘለዎም ቀያሕትን ጻዕዱን ዋህዮታት ይቖውም። ቀያሕቲ ዋህዮታት ደም ሆሞግሎብን ዝሓቑፈ እዩ። ሆሞግሎብን - ኦክስጅን ዝስከም ፕሮቲን እዩ።

ቀያሕቲ ዋህዮታት ደም ነፍሲ-ወከፎም ናይ 4 ኣዋርሕ ዕድመ እዩ ዘለዎም። ኣካላትና ኑቶም ዝሞቱ ቀያሕቲ ዋህዮታት ንምትካእ መዓልታዊ ሓደስቲ ዋህዮታት የፍሪ። ቀያሕቲ ዋህዮታት ደም ካብ ዓጽሚ ኣንጎዕ እዮም ዝስርሑ።

ጻዕዱ ዋህዮታት ደም ቀንዲ ክፍሊ ሕማም ናይ ምጽዋር ዓቕሚ ሰብነትና እዩ። ሕማም ናይ ምጽዋር ስርዓት ሰብነትና፡ ካብ ዝተፈላለዩ ሕማማትን ረኽሲታትን ንምክልኻል ይሕግዘና።

ጻዕዱ ዋህዮታት ደም ከም ዓይነቶም ዕድመኦም ካብ ናይ ሰዓታት ክሳብ ዓመት ይጸንሑ። ኣካላትና ቀጻሊ እዩ ጻዕዱ ዋህዮታት ደም ዘፍሪ።

ፕላትሌትስ (platlets)፡ መድመይቲ ምስ ዘጋጥም ንኽቋርጽ ዝሕግዙ፡ ዳሽኮ (ብዮቲ) ዝቕርጾም ደቀቕቲ ዋህዮታት ደም እዮም። ፕላትሌትስ ኣብ ሻምብቆታት ደም ንኣስታት 9 መዓልታት ዕድመ ጥራሕ እዮም ዝጸንሑ። ቀጻሊ ድማ ካብ ኣንጎዕ ናይ ዓጽሚ ብዝተሰርሑ ካልኦት ይትክኡ።

ሽባብ

ሃማመተኤ

ሓሳባት

# ውድድር ፈጠራዊ ሓሳብ ኣገዳሲ ወፍሪ ቁጠባዊ ልምዓት

ሳሚኤል ገብረብርሃን

ኣብ ኣዝዩ ዝተሓላለኸን ኣጸምን ጂኦፖለቲካዊ ኣቀማምጣ፡ ዘላቒ ዕቤት ንምትንጻፍ ንእትጽዕር ዘላ ሃገርና፡ ማሕበራውን ቍጠባውን ሸቶታታ ንምውቃዕ ፈጠራዊ ሓሳብን ሓድሽ ምህዞን ኣገዳሲ ግደ ከምዘለዎ ርዱእ'ዩ። ነዚ ሓቂ'ዚ ብምግንዛብ፡ ሃማመተኤ ፈጠራዊ ሓሳብን ሓድሽ ክእለትን ንምርካብን ንምምዕባልን ዝዓለመ፡ ሃገራዊ ውድድር ፈጠራዊ ሓሳብ ምብጋሱ'ምበኣ እዋናዊ'ዩ። እዚ ውድድር'ዚ፡ ንሃገርና ኤርትር ዓብዩ ትርጉምን ኣገዳስነትን ኣለዎ። ንሓድሽ ፈጠራዊ ሓሳብን ምህዞን መድረኽ ዝፈጥር፡ ባህሊ መሃዝነትን ፈጠራውነትን ዘሰስን፡ ማሕበራዊ ጸገማትን ሽግራትን ዝፈትሕ፡ ንመንእሰያት ዘሐየልን ኣብ ዘላቒ ብልጽግና ሃገር ኣበርክቶ ዝገብርን ስለ ዝኾነ።

ውድድር ፈጠራዊ ሓሳብ፡ ኣብ ኤርትራ ባህሊ ፈጠራውነት ብምዕባይ ፈጠራዊ ሓሳብን ሓድሽ ምህዞታትን ንምምዕባል ሓያል መበገሲ'ዩ። ፈጠራዊ ሓሳቦም ንኸቕርቡ መድረኽ ብምድላው፡ ናይ ምምሃዝን ጸገም ናይ ምፍታሕን ክእለት መንእሰያትን ተመሃሮን ኣብ ምዕባይ'ውን ዓቢዩ



ኣበርክቶ ኣለዎ። እዚ ንእግረመገዱ፡ መንእሰያትን ተመሃሮን ብኸፉት ንኽሓስቡን ነቲ ኣብ ሕብረተሰቦምን ሃገሮምን ዝረኣ ሕጽረታትን ሽግራትን ዝኸውን ሓድሽ መፍትሒ ንኸማዕብሉን ሓያል ድርኺት ዝፈጥር ድማ'ዩ። እዚ ንገዛእ-ርእሱ፡ እተሓላለኸ ጸገማት ብምፍታሕ ዘላቒ ዕቤት ንምርግጋጽ እተዓጥቐ ኣብ መጻኢ ወለዶ ንዝመጹ ሓሰብትን መሃዝትን'ውን ድልዱል መሰረት'ዩ።

ውድድር ፈጠራዊ ሓሳብ፡ ኣብ ሕብረተሰብ ንዝረኣዩ ዝተወሰኑ ጸገማትን ሽግራትን ኣብ ምፍታሕ'ውን ኣዝዩ ኣገዳሲ ተራ'ዩ ዘለዎ። እዚ ውድድር፡ ኣብ ከም ሕርሻ፡ ጥዕና፡ ቴክኖሎጂ፡ ትምህርቲን ጸዓትን ዝኣመሰለ ኣብ ልምዓታዊ ፖሊሲ ኤርትራ ቀዳምነት ዝወሃቦም ጽላት ዝተኩረ'ዩ። ኣብዚ መዳይ፡ ተወዳደርቲ ፍታሕ ከማዕብሉ ብምትብባዕ፡ ግብራዊ መልሲ ሒዞም ንኽቀርቡ ዕድል ዝፈጥር ኣጋጣሚ'ውን እዩ። ሓንጻጽቲ ፖሊሲ፡ ኣውፈርትን ነጋዶን'ውን ናብቶም ዝተዓወቱን ዘይተዓወቱን ፈጠራዊ ሓሳብ ኣስተብህሎ ክገብሩ ዝድርኽ መድረኽ ክኸውን'ውን ርሒብ ተኽእሎ ኣሎ። እዚ ኸኣ፡ ፈጣራዊ ሓሳብን ሓድሽ ምህዞን ክልሰ-ሓሳባዊ ኣምር ጥራይ ዘይኮነስ፡ ኣብ ባይታ ንዝረኣዩ ጸገማት ንምፍታሕን ህይወት ኤርትራዊ ሕብረተሰብ ንምምሕያሽን ዝሕግዝ ግብራዊ መሳርሒ ምዃኑ ዘረጋግጽ'ዩ።

ብዘይካ'ዚ፡ ሃገራዊ ውድድር ፈጠራዊ ሓሳብ፡ ኣብ ምርግጋጽ ዘላቒ ዕብየትን ብልጽግናን'ውን ዘይናዓቕ ኣበርክቶ'ዩ ዘለዎ። ከም ሃገር፡ ሎሚ ኣብ መሃዝነት ወፍሪ እንተ ኣካይድና፡ ጽባሕ ኣዝዩ ዝሰሰነን ተወዳዳርን ቍጠባ ንምህናጽ ኣገዳሲ መሰረት'ዩ። ኣብ ውድድር ዝተዓወቱ ሓሳብ፡ ናብ ሓደስቲ ኢንዱስትሪታትን ሰንዓታትን ክመርሑ፡ ናይ ስራሕ ዕድላት ክፈጥሩ፡ እቶታውነት ከመሓይሹ ከምኡ'ውን ወፍሪ ኽስሕቡ ልዑል ተኽእሎ ኣሎ። ኣብ ርእሲዚ'ውን፡ ሓድሽ ሓሳባትን ምህዞታትን ከም ዝሰፍሕ ብምግባር፡ ኤርትራ ኣብ ግዳማዊ መፍሒታት ክህልዋ ዝኽእል ተጻጋዕነት'ውን ኽትንከዮ ይሕግዝ። ጸገማታን ሽግራታን ብውሽጣዊ ዓቕማ ናይ ምፍታሕ ተኽእሎኣ'ውን ኩተማዕብል ትኽእል። እዚ ርእሰ-ምርኾሳ'ዚ ኸኣ፡ ኣብ ነዊሕ ዘላቒን ምዕሩይን ምዕባለ ኣብ ምርግጋጽ ኣገዳሲ ረቛሒ'ዩ። ስለዚ፡ ሃገራዊ ውድድር ፈጠራዊ ሓሳብ ናይ ሓደ እዋን ፍጻመ ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣብ መጻኢ ኤርትራ ዓብዩ ስትራተጂያዊ ወፍሪ'ዩ። ምኽንያቱ፡ ንውሉድ ወለዶ ቍጠባዊ ምዕባለን ማሕበራዊ ዕቤትን ዘረጋግጽ ሓያል መሳርሒ ስለዝኾነ።

ብሃማመተኤ ተወዲቡ ኣብ መበል 34 በዓል ናጽነት ጀሚሩ ዘሎ፡ ቀዳማይ ሃገራዊ ውድድር ፈጠራዊ ሓሳብ'ምበኣር ከም ኣገዳሲ ክፋል ስትራተጂ ምዕባለ ኤርትራ እንተወሰድናዮ ልክዑ'ዩ። እቲ ምንታይ፡ ባህሊ መሃዝነት ዘተባብዕ፡ ማሕበራዊ ጸገማትን ሽግራትን ዝፈትሕ፡ ንመንእሰያት ዘሐየል ከምኡ'ውን ኣብ ዘላቒ ዕብየት ሃገር ኣበርክቶ ዝገብርን ስለዝኾነ። እዚ ተበግሶ'ዚ ናይ ኩሎም ወገናት ቀጻሊ ደገፍ እንተረኺቡ፡ ዕቑር ዓቕሚ ሓሰብትን መሃዝትን ዜጋታት ክንትሕትሖ፡ ብኡኡ ኣቢልና'ውን ንብሩህ፡ ምሹውን ብልጹግን መጻኢ ኩሎም ዜጋታት መገዲ ክንጸርግ ገዚፍ ዕድል ኣሎ።

ሃገራዊ ውድድር ፈጠራዊ ሓሳብ'ምበኣር 'ውድድር' ጥራይ ኣይኮነን። ንመጻኢ ዝጠመተ ዓቢዩ ሃገራዊ ወፍሪ እዩ። ሕብረተሰብ ንምቕያርን ምምሕያሽን ዕብየት ንምምዝጋብን ፈጠራዊ ሓሳብን ሓድሽ ምህዞን እቲ እንኮ ምርጫ ምዃኑ ዝምስክር ኣጋጣሚ ኸኣ'ምበር!! ብጥቕሉሉ፡ ውድድር ፈጠራዊ ሓሳብ ንኤርትራ መጋየጺ ኣይኮነን። ግድነት ኣድላዪ'ዩ

# ግደ ውድድር ፈጠራዊ ሓሳብ ኣብ መስርሕ ምዕባለ ሃገረ ሲንጋፖር

ሲንጋፖር፡ በቲ ቅልጡፍን ለውጢ ዘምጽእን ዕብየታ እትግለጽ ሃገር'ያ። ጸገማት ንምፍታሕን ዕድላት ንምጥቃምን ብቐጻሊ ሓድሽ ናይ ምህዞ መፍትሒታት ኣብ ምን'ዳይ ኣበርቲዓ ኣብ ስራሕ ዝተጸመደት ምዃና'ዩ'ውን ዝጥቀስ። ሓደ ካብቶም ቀንዲ ብኣተኩሮ ትሰርሓሎም፡ ምኹስኻስ ፈጠራውነትን ምትብባዕ መሃዝነትን'ዩ። ስለዚ'ዩ'ምበኣር፡ ውድድር ፈጠራዊ ሓሳብ ኣብ መስርሕ ምዕባለ ሲንጋፖር ኣገዳሲ ኣበርክቶ ከም ዘለዎ ዝግለጽ። ኣብዚ መድረኽ ውድድር'ዚ፡ ሓደስቲ ሓሳባት ክምዕብሉን ተውህቦን ክእለትን ክኹስኾሱን ዓቢ ባይታ'ዩ ዝፍጠር። ቍጠባ ሲንጋፖር ዝያዳ ተወዳዳሪ ኣብ ምግባር ይኹን ኣብ ምምሕያሽ መነባብሮ ዜጋታት ኸኣ ውድድር ፈጠራዊ ሓሳብ ረዚን እጃም ከምዘለዎ ይምስክር።

ኣብ ሃገረ ሲንጋፖር፡ ውድድር ፈጠራዊ ሓሳብ፡ ሓሳብ ዘውለዱሉን ዝፍልፍሉሉን ኣገዳሲ መድረኽ ምዃኑ'ዩ ዝግለጽ። ንውልቀ-ሰባት፡ ጉጅለታት ዋላ ትካላት'ውን ከይተረፉ፡ ብዛዕባ ናይ ምህዞ መፍትሒታት ክሓስቡ፡ ሓሳባት ከመሓይሹን ከቕርቡን ዘኽእሎም እተወደበ ኣጋጣሚ እው'ን'ዩ። እዚ ኣጋጣሚ'ዚ፡ ተወዳደርትን ተሳተፍትን፡ ነቲ ኣብ ሃገረ ሲንጋፖር ዝረአ ርኡይ ሽግራትን ጸገማትን ዝኸውን ፍሉይ ሓሳብን መፍትሕን ከቕርቡ ድርኺት ዝፈጥር'ውን እዩ። ኣብ ሲንጋፖር ዝውደብ ውድድር ፈጠራዊ ሓሳብ፡ ነታ ሃገር ኣዝዮም ኣብ ዘገድሱ ጽላታት ጥራይ ዝተኩር'ዩ። እዚ ኣገባብን ኣወዳድባን፡ ኣብ ሲንጋፖር ብቐጥታ ኣብ ግብሪ ዝውዕሉን ኣብ ጉዕዞ ሃገራዊ ዕብየት'ውን ኣበርክቶ ዝገብሩን ጭቡጥን ግብራውን መፍትሒታት ክምዕብሉ ዘኽኣለ ቀንዲ ረቛሒ እዩ።

ውድድር ፈጠራዊ ሓሳብ ሲንጋፖር፡ ኪንዮ መድረኽ መፈልፈሊ ሓሳባት ዝሰግር ኣበርክቶ'ውን ኣለዎ። ተውህቦን ክእለትን ኣብ ምምዕባልን ምኹስኻስን ኣገዳሲ ግደ'ዩ ዝጻወት። ተወዳደርቲ፡ ሓድሕድ ተሞክሮታት ክለዋወጡን ጸገማት ናይ ምፍታሕን ናይ ምብህሃል ክእለቶም ከማዕብሉን ዝሕግዝ ኣገዳሲ ባይታ እው'ን'ዩ። ተሞክሮ ካብ ዘለዎም ሞያውያንን መዛንኣምን ክመሃሩን ደረት ኣተሓሳስባኦም ከስፍሑን'ውን የተባብዕ። ብመገዲ ምስ'ቲ ውድድር ብቐጥታ ዝተኣሳሰሩ ዓውደ-ዘተን ካልኦት መደባትን፡ ተወዳደርቲ፡ ሓሳባቶምን ምህዞኦምን ናብ ተጨባጢ ዋኒን ዝቕየሩሉን ዓይኒ ዕዳጋ ዝረኽብሉን ኩነታት ክኣ ይፈጥር። ሲንጋፖር ኣብዚ እዋን'ዚ በጽሓቶ ዘላ ኣብ ፍልጠት እተመስረተ ቁጠባ ኣብ ምድንፋዕ ውድድር ፈጠራዊ ሓሳብ ዓብዩ ኣበርክቶ ዝገበረ ምዃኑ'ዩ ዝእመነሉ።

ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ውድድር ፈጠራዊ ሓሳብ ሲንጋፖር፡ ኣብታ ሃገር ንመስረታ ዋኒን ዝምሸው ቀስቃሲ ሃዋሁው ኣብ ምፍጣር'ውን ኣተባባዒ ተራ'ዩ ዝጻወት። ሰብ-ዋኒን፡ ንኸቢድ ክሳራ ከይተቓልዑ ኣብ ጽቡብ ዝበለ እሞ ምስ ትሑት ደረጃ ሓደጋ ግብራውነት ፈጠራዊ ሓሳብ ከረጋግጹ'ውን ዕድል ይኸፍት። ብዘይካ'ዚ፡ ዕዉታት ተወዳደርቲ ምወላን ካልእ ንሓሳቦም ዘደንፍዕ ምኽርታትን ዝረኽቡ ኣጋጣሚ'ውን'ዩ። በዚ ሓገዛት ኣቢሎም ከኣ፡ ተወዳደርቲ፡ ኣብ ቍጣባዊ ዕብየትን ምፍጣር ሽቕለትን ከበርክት ዝኽእል ሓደሽቲ ንግዳዊ ንጥፈታት ክጅምሩ የተባብዕ። ብመገዲ ውድድር ፈጠራዊ ሓሳብ ናብ ደረጃ ዋኒን ዝሰገሩ ዕዉታት ተወዳደርቲ'ውን ኣብ ልዕሊ ሕልሞም ከግህዱ ትምኒት ዘለዎም ካልኦት ሰባት ደፋኢ ኣበርክቶ ኣለዎም። እዚ ኩሉ ተደማሚሩ ኸኣ፡ ውድድር ፈጠራዊ ሓሳብ ቍጠባ ሲንጋፖር ኣብ ምብራኽ ዝተጻወቶ ተራ 'ተኣምራት'' ጥራይ'ዩ ዝብሃል።



ተወሳኺ፡ ዓለማዊ ተወዳዳርነት ሃገረ ሲንጋፖር ኣብ ምብራኽ'ውን ውድድር ፈጠራዊ ሓሳብ ግዙፍ ኣበርክቶ'ዩ ጌሩ። ብሉጽ ተክኖሎጅታት፡ ሓድሽ ንግዳዊ ፍርያት፡ ከምኡ'ውን ዘላቒ መፍትሒታት ንኸምዕብሉ ብምትብባዕ፡ ሲንጋፖር ኣብ ዓለምለኻዊ ዕዳጋ ደረጃኣ ኣብ ቅድሚት ንኽትስራዕ ውድድር ፈጠራዊ ሓሳብ መሪሕ ኰይኑ ሓጊዙዋ እዩ። በዚ ውድድር'ዚ ዝማዕበለ ፍርያትን ኣገልግሎታትን'ውን ክሳብ ብሰደድ ተላኢኹ ኣብ ዕዳጋ ዓለም ተወዳዳሪ ክኸውን በቒዑ'ዩ። ኣብ ዓለም፡ ሲንጋፖር፡ 'ማእከል ምህዞ' ተባሂላ ዝናኣ ክብርኽ'ውን ውድድር ፈጠራዊ ሓሳብ ዝለዓለ ግደ ተጻዊቱ'ዩ። ኣብ ፈጠራዊ ሓሳብን ሓድሽ ምህዞታትን ብእትገብሮ ወፍሪ፡ ሲንጋፖር ተወዳዳርነታ ክትዕቅብን ናይ ወጻኢ ወፍሪ ክትስሕብን ጥራይ ዘይኮነ በቒዓ፡ ቍጠባዊ ዕቤታ ዝያዳ ክጉሃሃር'ውን ደፋኢ ሓይሊ ኮይኑዋ'ዩ።

ደረጃን ዓይነትን መነባብሮ ሲንጋፖራውያን ኣብ ምምሕያሽ፡ ውድድር ፈጠራዊ ሓሳብ ዝተጻወቶ ተራ'ውን ክጥቀስ ዝግባእ'ዩ። ዝውደብ ውድድር ፈጠራዊ ሓሳብ፡ መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ ክንክን ጥዕና፡ ትምህርትን ዕቃበ ኣከባብን ኣብ ዝኣመሰለ ጽላታት ንዝረኣ ጸገማት ንምፍታሕ ዝተኮረ እዩ። በዚ ውድድራት'ዚ ኣቢሉ ዝማዕበለ መፍትሒታት ናብ ምምሕያሽ ኣገልግሎት ክንክን ጥዕና፡ ናብ ብቑሊሉ ዝርኩብ ትምህርቲ ከምኡውን ናብ ዝሓሸ ሃዋሁ ኣካባቢ ክመርሕ በቒዑ'ዩ። ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ መሰረታዊ መስርሕ ምፍታሕ ጸገማት ክሳተፉ ብዝተፈጥረሎም ዕድል፡ ዜጋታት ሲንጋፖር ሃገራዊ ናይ ዋንነት ስምዒት ከማዕብሉን፡ ሲንጋፖር'ውን ከም ሃገር ሓቛፍን ተጸማምን ሕብረተሰብ ክትሃንጽ ክኢላ'ያ።

ብጥቕልሉ፡ ውድድር ፈጣራዊ ሓሳብ ወሳኒ ክፋል መስርሕ ዕብየት ሃገረ ሲንጋፖር'ዩ ክብሃል ይኽእል። ፈጠራዊ ሓሳብ ከም ዝፍልልፍል፡ ክእለት ከም ዝሰስን፡ ዋኒን ከም ዝተባባዕ፡ ዓለማዊ ተዋዳደርነት ከም ዝበርኽ፡ መነባብሮ ዜጋታት ከም ዝመሓየሽ ብምግባር፡ ውድድር ፈጠራዊ ሓሳብ ኣብ ምቕራጽ መጻኢ ሲንጋፖር ዘበርክቶ ቀሊል ኣይኮነን። ኣብ ምኹስኻስ ፈጠራዊ ሓሳብ ብእትገብሮ ወፍርን ብእትፈጥሮ መድረኻት ከኣ፡ ሲንጋፖር ዓለማዊ ማእከል ማሃዝነትን ጽቡቕ ኣርኣያ ዘላቒ ዕብየትን ኮይና በቒዓ ትርከብ። ይበል ተሞክሮ!



# ባህልን ስነ-ጥበብን

ኤፍረም ሃብተጽዮን

## ኣማኢት ዕንባባታት የጕላዕልዓ


ሰሎሞን ጸሃየን ሰሎሞን ድራርን ኣብ ሰውራ ኤርትራ ዝረኸቡዎ ንኽብረጦሙ ዝቐስቕስ ረሰ፡ ድሕሪ ናጽነት'ውን እንተኾነ ክሽሸሩዎ ኣይመረጹን፡፡ ናይ ግጥሚ መጻሕፍቶም ከም ዘመልክቶ፡ ቡበወገኖም ንሰኦም ኑቲ ረሰ፡ ዓቒሞም ክሽፍኑ'ዮም ተራእዮም፡፡

ኩሉ ግዜ ሰውራ ዝብል ኣምር ምስ ምምጻእ ሰወጢ ዝተኣሳሰረ ጉያ ዝመልኦ ኮይኑ እዩ ዝስመዓኒ፡ ብናይ ሰውራ እዋናት ተደሪሶ ዝፈረያ ግጥምታት ብግደኦ ቑጻታት ናይ ኣስተንትኖ፡ መርመራ (experimentation)፡ ከምኡ'ውን ኾፈታ ናይ'ቶም "ካልኦት" ዝበሃሉ ተጻይን ዝሓዘ ኮይኑ፡ ነዚ ናይ ሰውራ ጉያ ዘድሊ መንፈሳዊ ዕጥቂ የሰንቖ፡፡ ኣብ ካልእ መድረኽ፡ ማለት ኣብ ድሕሪ ናጽነት፡ ልምዓትን ምውሓስ ልኡላውነትን፡ ብሓፈሻ ምህናጽ ሃገርን ሃገራውነትን ከም ዕላማ ኑቲ መቓሕ መዝሙራቲ ንምስባር ዓሊሙ ዝተበገሰን ናጽነት ዘምጽኣን ናይ ሰውራ ፍጥረት ብዝተጣመዴ የህድኦ እኳ እንተኾነ፡ ኑቲ ቃልሲ ግን ብዕጽፍታት የራብሖ፡፡

ድሕሪ ናጽነት፡ ሰሎሞን ድራርን ሰሎሞን ጸሃየን ከም ገጠምቲ፡ ማሰረት ከየደልየልካ ንቕድሚት ብናህሪ ምሕንባብ፡ ሓደጋ ከምጽእ ከም ዝኽእል ኣይሰሓቱዎምን ኢልካ ክትዝምዝም ይከኣል፡፡ ሰሎሞን ጸሃየ ንድሕሪት ክሳዕ እዋን ማሸኛ ኣይተ ፈለቢናስ ተመሊሱ ኑቲ ናይ ሓዳስ ኤርትራ ጥበብ ከህብቶም ዝኽእል ኣብ ጥርቀታት ባህሊ ሕብረተሰብ ዝተሰከሞ መዓራት ክብርብር፡ ሰሎሞን ድራር ድማ ኑቲ ዘሎ፡ ዝተረኽበ ጸጋ ከይክሰርን ሐዚዎ ንኽጸንሕን ቡበወገኖም ንምዕያይ ዝተረዳድኡ ይመስሉ፡፡

ሰሎሞን ጸሃየ ንማሲታት ናይ 1700ታት፡ 1800ታትን ድሕረኦን መርሚሩዎ፡፡ ኣብ'ዚ ምርምሩ፡ ኣብ ማሳርሕ ምንዳቕ መዝሙርን ፍሉይ ባህርን ኤርትራ ትውንኖ፡ ካብ ናይ ጉዳኣቲ እንተ ዘይልዓሉ ዘይንእስ ባህሊ ከም ዘለዋ ከብርሀ ፈቲኑ፡ ከምዚ ምግባሩ ኣቋራጭ መጻኢ ብመገዲ ሕሉፍ ከም ዝኾነ የመልክተልና፡፡ ሰሎሞን ድራር ብወገኑ፡ ኣብ 'ኣይሞተን መርሃዊ' ብዝብል ኣርእስቲ ዘወከሎ መደብሉ ንመግዚኣቲ ካብ ምንሻውን ምቀንጻብን ኑቲ ዝሓለፈ ዓወት ዝያዳ ከደህበሉ መረጸ፡፡ ብዘወሳኺ ናይ ሓያሰቲ ሃገራት ሕማምን ጸገምን ምድንጋር ክብርታት ምኻኑ ንኽመልክት፡ ኣብ ናይ ደርፌ ግጥምታቱ ብፍሉይ፡ ሕብረተሰብ ኤርትራ ናይ ሰውራ ክብርታቱ ዓቂቡ ንኽቕጽል ጸዊዑ፡፡

ድሕሪ ናጽነት ኣብ 1991 ሰሎሞን ድራር 'ንመርሃዊ' ክጦጥም እንከሎ፡ ሰሎሞን ጸሃየ 'ንዓኹ'ኻይ' ገጢሙ፡፡ ኣብ 1992 ሰሎሞን ድራር 'ኣይሞተን መርሃዊ' ዘርእስታ ግጥሚ ሰሪሑ ሰሎሞን ጸሃየ ድማ 'ቅሱ ሰማእታትና' ትብል ግጥሚ ኣውጺኡ፡፡ ኣብ '93 ሰሎሞን ድራር 'ንሽሽ' ክብል ተሰሚዑ፡፡ ሰሎሞን ጸሃየ ብወገኑ 'መጁእ' እናበለ ደሃዩ ከም ዝሰማዕ እቲ 'ሳሕል' ዘርእስቱ መጀመርታ




ኣብ 1994 ተሓቲሙ ሳልሳይ ሕታሙ ድማ ኣብ 2023 ዝወጽአ መጽሓፉ ምስክር እዩ፡፡ ስለ'ዚ ሰሎሞን ድራርን ሰሎሞን ጸሃየን ከም ገጠምቲ፡ ኣሸንኳይዶ ኣብ ግዜ ገድሊ፡ ኣብ'ዘን ቀዳሞት ሰለስተ ዓመታት ናይ ድሕሪ ናጽነት ስርሓቶም ብምትካር ጥራይ እልቢ ዘይብሉ ሓቅታት ክትርኢን ክትትንትንን የኽእሉኻ፡፡

ሰሎሞን ድራርን ሰሎሞን ጸሃየን ከም ገጠምቲ ኣብ እዋን ሰውራን ድሕሪ ናጽነትን፡ ግርማይ ገብረመስቀል ቀዳሚ ናጽነትን ተስፋማርያም ወልደማርያም ድሕሪ ናጽነትን፡ ዑቕባጋብርን ኣደይ ዘይኑብን ቡቲ ናይ ዘይተምባርካኽኑት ደሃዮም፡ ቅድምን ድሕርን ናጽነት፡ ኣሰመሮም ሃብተማርያምን ኢሳይያስ ጸጋይን ቡቲ ዘቃልሑዎ ህዝባዊ ነገዱ፡ በዩነ ሃይለማርያምን መምህር ኣማረ ወልደሰላሴን ቡቲ ኣብ ኢትዮጵያ ዝረኣዩዎ ናይ ማእሰርቲ ዳር ትርኢት ወዘተ. እናበልካ ክትዝርዝርን ክትሓስብን ይከኣል'ዩ፡፡ ብውሑዱ እዚ ንኤርትራውያን ገጠምቲ ዘርኢ ጸምድታት፡ ኑቲ ዛዕባ ደራዳ ዝስሙ ንደርስት/ንሓሳብ ፈንጠሐ ክመራመረሉ ዝፍትን ኑቲ'ኳ ንጸምድታት (binaries) ኣብ መዓላ ዘውዕሉ ሎጎ ሰንትረስታውያን (logo centrists) ዝፍንጥሕ ፈላስፋ ዘጸክር ኣይኮነን፡፡

ንኣንፍና፡ ኣብ ታሪኽ ምዕራባዊ ፍልስፍና ገለ ፈላስፋታት፡ "ማለትነታት ካብ ሎጎ ወይ ከኣ ካብ ሓደ ጽሩይን ዘይተበላሸወን መበቆላዊ ምንጪ ይበጽሱ፡ " ኢሎም እዮም ዝዘረቡ፡፡ ንኣብነት ፕሌቶ ካብ መሽከል/ቅጥዒ (form)፡ ቅዱስ ኣኳይናስ ድማ ካብ ሰለስትነት (trinity) ትርጉም/ማለትነት ክረኽቡ ይፍትኑ፡፡ እዞም ከም'ዚ ዝኣምኑዮም ፈላስፋታት ክኣ'ዮም እቶም ሎጎ ሰንትረስት ዝበሃሉ፡፡ እቲ ንሶም ዝኣምኑሉ ብሎጎ ሰንትሪዝም ዝጸዋዕ ፍልስፍና ድማ ብመገዲ ጸምድታት ከም ዝገለጽ/ዝቐርብ ይንገር፡፡ ጸምድታት እኩብ ናይ ክልተ ዝመሳሰል ኣጸዋውዓ ወይ ቀንቀኛ ኮይኑ፡ እቲ ሓደ ኣብ ልዕሊ'ቲ ካልእ ሓለፋ ከም ዘለዎ የርኢ፡፡ እንተ ኣብ'ዚ ኤርትራውያን ሰውራውያን ገጠምቲ ብጸምዲ ተጠቒሶምሉ ዘለዉ ግን፡ እቲ ሓደ ካብቲ ካልእ ሓለፋ ከም ዘለዎ ንምምልካት ዘይኮነ፡ እቲ ብጸምዲ ምዝራብ፡ እቶም ዝተጠቕሱ ኣብ ኑሓድሕዶም ዘለዎም ተመሳሳልነት ወይ ዘራኽቦም ነገር ከም ዘሎ ንምርኣይ እዩ፡፡

ሰሎሞን ድራር ዝጸሓፉ 'ኣይሞተን መርሃዊ' ዘርእስታ ግጥሚ፡ ኣርእስቲ ናይ'ቲ ኣብ 2025 ዝተሓትመ መደብል ክትከውን'ያ ተሓርያ፡፡ ኣብ'ዛ ግጥሚ ዘሎ ትሕዝቶ ሕርሕራይ ገይሩ ምእንቲ ክስወጠካ ፈንጠሕካ ንምትንታና እዚ ሕርያ'ዚ ዘየገድድ ኣይኮነን፡፡ ስለ'ዚ፡ እቲ ንኽንርኢ፡ ንኽንስተውዕልን ንኽንወሳወሰን ዝገበረ፡ እቲ ናይ ቀረባን ርሑቕን ኮታ መላእ ሕብረተሰብ ኣብ ጉደና ሓርነት ሸናዕ ክብሉ ዘኽኣለ፡ እቲ ብሳላኡ ተባሂሉ ዝዘመረሉን ዝምስገንን ጅግና እዩ እቲ "ኣይሞተን" ተባሂሉ ግጥሚ ዝተሰርሓሉ መርሃዊ፡፡

መርሃዊ ክመውትን ከይመውትን ኣብዞም ኢዱ ዘሕለፈሎምን ንሱ ዝሓለፈሎምን እዩ ዝምርኮሱ፡ እዞም መርሃዊ ኢዱ ዘሕለፈሎምን ዝሓለፈሎምን ቃሉ ብዘይምኽባር ብጉዑ እንተ ወዲቑ ፍረኦም፡ ብህርፋን ስልጣን፡ ብኣድልዎ ወገን ረሲኦን ኮይኖም ምስ ዝፆዖቑን ንጹላእቲ ነቓዕ ምስ ዝፈጥሩን እዩ መርሃዊ ከም ዝሞተ ዝሕሰብ፡፡ ንግጥሚ ክሱብ'ቲ ክፍንጠሓ ዝኽእል ምስ ፈንጣሕትዮ፡ መርሃዊ ለበዋ ከም ዝበርዐ ትርዳእ፡ እቲ ናቱ ህያውነትን ዘልኣለማውነትን ድማ ትእምርታዊ ኮይኑ ትረኽቦ፡፡

'ኣይሞተን መርሃዊ' ከምቲ ኣርእስታ ዝተንበሆ፡ ብዛዕባ ዘይምማት መርሃዊ ብርገጽነት ከተፍልጥ ትፍትን፡፡ እዚ ፈተነ ወጹእ ናይቲ ድሕሪ ናጽነት ኣብ ሃገራት ኣፍሪቃ ዝተራእዩ፡ መቖጸልታ ናይ ቅዲ ኮሎኒያሊዝም ዝመስል፡ ብዛዕባ ሓቅነት ወይ ክውንነት ናይ ሓደ ነገር ብርገጽነት ከተፍልጥ ናይ ምፍታን ባህሪ/ዝምባለ እዩ፡፡ ሃገራት ኣፍሪቃ ብመግዛእቲ ንዘመናት ምስ ተጸቕጣ፡ መንነተን ምስ ተዓብለለ፡ ክብርታተን ምስ ተበከለ፡ ብዘተፈላለዩ ተመሳሳልነትን ማስርሓት ድሒረን ናይ ጥንዴራ ነጻነት ምስ ጨበጣ፡ ኣፍሪቃዊ ገጣሚ ኑቲ ዝኸሰርኦ ከም ዘይከሰርኦ ከርኢ እዩ ፈቲኑ፡፡ ምስ'ዚ ብዝዛመድ፡ ኤርትራ ናጽነታ ብዋጋ ማስዋእቲ ምስ ተጎናጸፈት፡ ኣብቲ ፈለማ ብቕጥታውን ዘይቀጥታውን ኣገባብ፡ ሰሎሞን ድራር፡ "ዝሞተ ከይመስለኩም፡ መርሃዊ ኣይሞተን፡ ዝመጽአ ናጽነት ድማ ናይ ጥንዴራ ጥራይ ኣይኮነን" ክብል ተሰሚዑ፡፡ ኣብ መውዳእታ፡ እዚ ኤርትራዊ ገጣሚ ብመገዲ 'ኣይሞተን መርሃዊ' ዘርእስታ ንጹል ግጥሙ፡ ገለ ቅድመ ኩነታት ኣቐሚጡ፡ ዝተረኽበ ሓርነት ውሑስ ኮይኑ ንኽቕጽል ክዕቀብ ዘለዎ ክብርታት ብዘተዋዋሪ መገዲ ይእምት፡፡

ሰሎሞን ጸሃየ ኣብታ ብ1993 ዝሰርሓ 'መጁእ' ትብል ግጥሙ፡ ኤርትራዊ ሰወእ ተዋጊኡ ዘድምዖ ከምኡ'ውን ሞጉቱ ዝረትዐ ምኻኑ ኣርእዩ፡፡ ብምቕጻል፡ "ዓሰቢ ጻግይ ሰላም ሓፈሰ/ ልበይ ዓሪፉ ኣስተርሒየ ደቂሰ/. . . ሓመድ መንጸፈይ ፍርናሽ ጥዒሙኒ/ ኣካ ሰለሰለይ ሙተርኣሰይ እምኒ!/ . . . ከምቲ ትምኒየዮ መጁእ ንጽድቂ/ መጁእ እንደየ ኣሰ መጁእ ሰለ ሓቂ" ብምባል፡ ኣብ መቓብሩ ኣጠማዲሙ ኑታ ንሰኡ ዘዘከራ እትኑብዕ ወላዲት ሰወእ ኣጸናኒዑዋ፡፡


ከምቲ ኣብ ናይ ሰሎሞን ድራር ዝተጠቕሰ፡ ሰሎሞን ጸሃየ'ውን ኣብዛ 'መጁእ' ዝሰመያ ግጥሙ ንርገጽነት ናይ ሓደ ሓቂ እዩ ዘኾልሖ፡፡ ከም'ዚ ንኽኑበር፡ ካብቲ እታ ወላዲት ሰወእ እትኣምነሉ ሃይማኖትን ህይወታ እትመርሓሉ ናብራ ዓኳይን ምስሉ-ሓሳብ ተለቂሑ፡፡ ካብኡ፡ ካብዚ እምነትን ናብራን ድማ ደርኺት ወሲዱ፡፡

ኣብ ድሕሪ ናጽነት፡ ሰሎሞን ድራርን ሰሎሞን ጸሃየን ልክዕ ከም'ቶም ኣብ 'school of athens' ዝብል ኣርእስቲ ዝተዋህቦ ቅብኣ ዘለዉ ፕሌቶን ኣሪስቶትልን ይመሳሰሉ፡፡ ሰሎሞን ጸሃየ 'መጁእ' ምባሉ ኣብ ሰማይ፡ ንሓቂ ዝደልያ ፕሌቶኣዊ፡ ከምኡ'ውን ሰሎሞን ድራር፡ "መርሃዊ ኣይሞተን ካብ መሬቱ ኣብ መሬቱ ናብ መሬቱ'ዩ" ክብል እንከሎ ልክዕ ከም ኣሪስቶትል፡ ንሓቂ ኣብ መሬት ሃሰው ዝብል ዘሎ ኮይኑ ይስመዓኒ፡፡

ንጉስ ሰሎሞን ናይ እስራኤል 3000 ምስላ መሲሉ፡፡ ክሳብ 1005 መዝሙራት ከም ዝበሩዎ እውን ይዝንቶ፡፡ 'ስም ይመርሕ ጥዋፍ የብርህ' ከምዝበሃል ግዲ ኮይኑ፡ እዞም ክልተ ኤርትራውያን ሰሎሞናት ተመሳሲሎ ጥበብ እንተ ዘይወሃቦም፡ ሓዲኦም ምስ ማእታት ናይ 10 ማሰኛታት ሓዊሱ 46 ግጥምታት ከፍሪ፡ እቲ ብጸዩ ከኣ ናይ ደርፊ ይኹን ናይ ጽሑፍ/ንባብ ግጥምታት ደማሚርካ ክሳብ 82 ክበጽሕ ኣፃብዩ ምተኻእለን፡፡ ንጉስ ዳዊት ኣቦ ሰሎሞን ብሰሪ እቲ ኣብ ዘርያኡ ዝበረ ውግእ፡ ንስም እግዚኣብሄር ዝጸውዕ ቤት መቕደስ ክሰርሕ ስለዘይክኣለ ወዱ ክሰርሓሉ ከም ዝሓሰበ ይንገር፡፡ በዚ ድማ ንጉስ ሰሎሞን ካብ ብዙሓ እስራኤል ጻዩቲ ወቐርቲ ጸወርትን ናይ ዕዮ ኣሕሉቖን ኣኪቡ ኑታ ቤት ሃኒጹ፡፡

ናብ'ዞም ክልተ ገጠምቲ ኤርትራውያን ሰሎሞናት ብምምላስ፡ ሰሎሞን ጸሃየ፡ ካብ 'ሳሕል' ዝብል መጽሓፉ ኣትሒዝካ ክሳብ 'ማሰን መልቀስን ቀዳሞት. . .'፡ ኑታ እትሰርሖ ኤርትራዊትብቲ ጸሓይ ከይዓርባ ምእንቲ፡ ባህላዊ ብርሃን ንኽመንጭውላ ተጋዲሉ፡፡ ሰሎሞን ድራር ድማ ብመሰረት እቲ ኣብ 'ኣይሞተን መርሃዊ' ዝብል ኣርእስቲ ዝሃቦ መጽሓፉ ዘሎ ግጥምታት፡ ነዛ ቤት ኣብ ምስራሕ ንዝተዋፈሩን ዘዋፈሩን ሃገራውያን ናይ መንፈስ ድራር ንኽሰንቕም ህርድግ ክብል ተራእዩ፡፡ ኣገናዕ! ሃየ ከም ናቶም ኣማኢት ዕንባባታት የጕላዕልዓ!

ኣሮን ተስፋኣለም



# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

መሲ ተኽለይ ክፍሉ ኣቦና ተኽለይ ክፍለ ጻድቕ ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ምስ 3 ህልዋት ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንዝ/7/25 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.47 ይቕረብ፡፡

ብፍ/በ/መሳል ሳባ ብርሃ ዝግታ፡ ብፍ/ሰ/ዕዳ 1.ዛይድ ብርሃ ዝግታ 2.ያሹ ብርሃ ዝግታ 3.ኣቶ ሳምሶም ብርሃ ዝግታ 4.ቢንያም ብርሃ ዝግታ፣ ንፈጻሚ ዝምልከት ክሲ ተኸፊቱልኩም ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን27/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጡ፡፡

ሸዊት ገብረእግዚኣብሄር ዑቕባ ምግልል ተረፉ፡ ሰዊት ገብረእግዚኣብሄር ዑቕባ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ፡፡

ጸገወይኒ መብራህቱ ፈዳይ ምግልል ተረፉ፡ ሰሊት መብራህቱ ፈዳይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ፡፡

ሂያብኤል ኣብርሃም ኣሰያስ ምግልል ተረፉ፡ ሂያብኤል ኬሸን ከም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ፡፡

ማርያም ሚካኤል ተስፋይ፡ ኣደይ ርሻ ወልደማርያም ገብረጻድቕ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 1ህልው ሓወይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/7/25 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ፡፡

ማርያም ሚካኤል ተስፋይ፡ ተጸዋዒ ዳኒኤል ኣጥላው መሸሻ፡ ናይ ስም ምትሕልላፍ ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ን4/7/25 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየኖሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ፡፡

የሰፍ ኣሕመድ ኣብራ ምግልል ተረፉ፡ ኣሰካለ ዓንደብርሃን ተኽለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ኤደን ተስፋሂወት ተኽለይ፡ ብዓል ቤተይ ብርሃ ተስፋማርያም ዓንደሚካኤል ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ወ/ሮ ፍረወይኒ ኣብርሃም በራኺ፡ ወ/ሮ ጸጋ ኣብርሃም በራኺ፡ ተጸዋዕቲ ወረ/ነ/ ሄር ሰለሙን ኣብርሃም በራኺ 1.ፊሊጶስ ሰለሙን ኣብርሃም 2.ሚካል ሰለሙን ኣብርሃም 3.ዳኒኤል ሰለሙን ኣብርሃም 4.ሉል ሰለሙን ኣብርሃም 5.በረኸት ሰለሙን ኣብርሃም 6.ናርዶስ ሰለሙን ኣብርሃም 7.ፍጹም ሰለሙን ኣብርሃም፣ ናይ ወህብቶ ምልክታ ተመስሪቱ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን24/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጡ፡፡

ኣዝመራ ኣብርሃ ድራር፡ ጓሊይ መም/ ኤልሳ ገብረየሃንስ ወልደማርያም ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ወራሲት ምኻነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ብፍ/በ/መሳል ወ/ሮ ሰላም የውሃንስ እምባ፡ ብፍ/በ/ዕዳ ኣቶ ምሕረተኣብ ተኽለት ተመልሱ፡ ናይ ፈጻሚ ክሲ ተመስሪቱ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን24/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ፡፡

ኣቶ ዘርኡ ደበሳይ ዑቕባርግሽ፡ ወድና ናህም ዘርኡ ስለዝዓረፈ፡ ኣቶ ዘርኡ ደበሳይን ኣዲኡ ወ/ሮ ምልእተ ገ/ሂወት ኣረጋይን ጥራይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ተወልደብርሃን ኤፍሬም ተወልደብርሃን ምግልል ተረፉ፡ ሃሪ ኤፍሬም ተወልደብርሃን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ሂወት መርሃጸየን ሰለሙን ምግልል ተረፉ፡ ሂወት ማርካይ ሰለሙን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ሰናይት ኣብርሃም ገብረመስቀል፡ ብዓል ቤተይ ሚከኤል መሓሪ ገብረሚካኤል ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቁ ድማ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ተጸዋዕቲ ናይ ነፍ/ሄር ቱቲ ብሩኖ፡ ብኣመልካቲ ተጋ/ይ ብርሃ ኣሰፍሃ ጼጋዝኣብ፡ ናይ ወህብቶ ምጽዳቕ ክሲ ተመስሪቱልኩም ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን24/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጡ፡፡

ኣብርሀት ገብረልኡል ባህልቢ፡ ብዓል ቤተይ ኣቶ ኣብርሃ ፍትዊ ኪዳኑ፡ ደሃይ ስለዘጥፍኣ፡ ጥፉእ ተባሂሉ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ኤደን ኣብርሃም ሰኢላይ ምግልል ተረፉ፡ ኤደን ጆርጆ ሰኮቲ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ሊንዳ ቃልኣብ ኣበደ ምግልል ተረፉ፡ ሊንዳ ቃልኣብ ኣበድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ሰናይት ገብረሚካኤል ገብረእግዚኣብሄር፡ ኣቦና ገብረሚካኤል ገብረእግዚኣብሄር በኺት ስለዝዓረፈ፡ ንኣዴና ወ/ሮ ጸገ ግርማጸየን ሓገስ ናይ መጸምዲ ማሰላ ይተሓለወላ፡ ንሕና 6 ደቁ ድማ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ወ/ሮ ውሓዚት ጸገ ሃብተ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ዓብለሎም ምሳየና ሰዩም፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን24/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ፡፡

መትከል ሳይሞን የሃንስ ምግልል ተረፉ፡ ያፌት ሳይሞን የሃንስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሚለን ሳይሞን የሃንስ ምግልል ተረፉ፡ሚልየን ሳይሞን የሃንስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ኣፍራሕ እድሪስ ዐሰማን፡ ስም ኣደይ ሳዕድያ መሓመድ ፋይድ ምግልል ተረፉ፡ ሳዕድያ መሓመድዓሊ ፋይድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ኣምለሰት ኣብርሃም ገብረክርስቶስ፡ ብዓል ቤተይ ተኪኤ ተኽለኣብ ወልደገርግሽ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ኣቶ ሰለሙን ኣድሓኖም ስለጼን፡ ኣቦና ኣድሓኖም ስለጼን ወልደጋብርን ኣዴና ዘውዲ ሃብተሚካኤልን ስለዝዓረፉ፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/7/25 ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ሳልሕ ሰዒድ ሙሳ ምግልል ተረፉ፡ መሓመድሳልሕ ሰዒድ ሙሳ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/7/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ኣልማዝ ዑቕባማርያም፡ ኣዴና መሻሽ ባርያጋብር መብራህቱ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 2 ሰውኣት ኣሕዋተይ ተተካእቲ ደቆም ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/6/25 ይቕረብ፡፡

መሓመድ ሓገስ ዓብደልቃደር ዓጣ ምግልል ተረፉ፡ መሓመድሓገስ ዓብደልቃደር ዓጣ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/7/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

---

ኣብ ዞባ ዓንሰባ ን/ዞባ ከረን ምም/ ከባቢ 02 ጎደና 1 05 ፕሎት 42 ዚፕ ኮድ 6K1373 ስፍሓት መሬት 17*13=ት/ሜ፡ 2ተ ቀንዲ ክፍሊን 3 ተሓጋጋዚ ክፍሊን በራንዳ ዘለዎ፡ ብስም ኣቶ ኣብራሃም ፍስሃየ ሃብቱ ዝተመዝገበ ስለ ዝዓደግክዎ'ሞ ናብ ስመይ ክሰጋገር ስለዝሾኾኩ፡ ዝቃወም እንተሃልዩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ ወይ'ውን ይግባይ ተባሂሉሉ እንተነይሩ ውሳነ ሐዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ካዳስትራል ዞባ ዓንሰባ ከተማ ከረን ይቕረብ፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ኦርጂናል ሰነዳተይ ሐዘ ጉዳየይ ክውድእ ምኻነይ እሕብር፡፡

ወ/ሮ ግደያ በርሀ ገብረዮሱስ

---

## ምልክታ ጨረታ

ዓይነት ጨረታ፦ ጸገናን ሰርቪስን ፕሪንተር፣ ኮፒየር፣ላፕቶፕ፣ ስተፕላይዘር

ኣሃዱ፦ ብዓል ስልጣን ኣግራብን እንስሳ ዘቡዳምን

ኣርእስቲ ውዕል፦ ንሓደ ዓመት ውዕል ጸገናን ሰርቪስን ፕሪንተር፣ ኮፒየር፣ ኮምፒዩተር፣ ላፕቶፕ፣ ስተፕላይዘር ንምክያድ

ዓይነት ጨረታ ፦ ሃገራዊ ክፉት ጨረታ

ብዓል ስልጣን ኣግራብን እንስሳ ዘቡዳምን ካብ 12/ግንቦት/2025 ክሳብ 31/ሚያዝያ/2026 ዝለዎ ፕሪንተር፣ ኮፒየር፣ ኮምፒዩተር፣ ላፕቶፕ፣ ስተፕላይዘር ጸገናን ሰርቪስን ዘካይዱ ብቑዓትን ሕጋውያን ተጫረትቲ ይዕድም፡፡

ተጫረትቲ ከማልእዎ ዘለዎም ነጥብታት፦

1. ብዓል ስልጣን ኣግራብን እንስሳ ዘቡዳምን ንሕጋውያን ተጫረትቲ ዋጋታት ናይ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ጸገናን ሰርቪስን ብዕሹግ ደብዳበ ክቕርቡ ይዕድም፡፡
2. ጨረታ፡ ንኹሎም ሕጋውያን ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ጸገናን ሰርቪስን ዘካይዱ ክፉት እዩ፡፡
3. ተጫረትቲ ቅዳሕ ናይ 2024 ዝተሓደሰ ፍቓድ ንግዲ ቅዳሕ ታሴራ ከምኡ'ውን ቅዳሕ ዓመታዊ ግብሪ ዝኸፈሉሉ ሰነድ (clearance) ናይ 2023 የቕርቡ፡፡
4. ተጫረትቲ፡ ናብ ጨንፈር ምምሕዳርን ፋይናንስን ብዓል ስልጣን ኣግራብን እንስሳ ዘቡዳምን ብቑጽሪ ስልኪ 08371452 ብምድዋል ተወሳኺ ሓበሬታ ክረኽቡን ናይ ጨረታ ሰነድን ክወስዱን ይኽእሉ፡፡
5. ምልክታ ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ን20 መዓልታት ክፉት ኮይኑ፡ ኣብ መበል 20 መዓልቲ (ናይ ስራሕ ዕለት ምስ ዘይከውን ድሕሪ መበል 20 መዓልቲ ዘሎ ናይ ስራሕ ዕለት) ሰዓት ዓሰርተ ቅድሚ ቀትሪ ተጫረትቲ ሕጋውያን ወኪልቲ፡ ሰራሕተኛታት ወይ ኣከፋፍታ ጨረታ ክዕዘቡ ዝመጽኡ ሰባትን ኣብ ዝተረኽቡሉ፡ ኣብ ብዓል ስልጣን ኣግራብን እንስሳ ዘቡዳምን ይኽፈት፡፡ ደንጕዩ ዝቐረበ ጨረታ ተቐባልነት የብሉን፡፡
6. ንመኽበሪ ጨረታ ዝኸውን 3,000 ናቕፋ (ሰለስተ ሽሕ ናቕፋ) ብ (c.p.o) ኣትሒዞም የቕርቡ፡፡
7. ጨረታ፡ መምርሒ ዕድግን ምምሕዳርን ንብረት መንግስትን ብዝእዝዞ መሰረት ይካየድ፡፡
8. ተጫራቲ፡ ነቲ ዝተዓወተሉ ጸገናን ሰርቪስን ባዕሉ ወይ ብወኪሉ ክኢላታት ጥራይ ከካይድ ይፍቀደሉ፡፡
9. ብዓል ስልጣን ኣግራብን እንስሳ ዘቡዳምን ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ፡ ጨረታ ብኸፊል ወይ ብምሉእ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ፡፡

---

## ሓበሬታ

ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ



ኩሉ መዳያዊ ሓቅታት ኤች.ኣይ.ቪ/ኤይድስ ንምፍላጥ ናብ ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ ኣገልግሎት ምኽሪ ብቴሌፎን ደውሉ።

ሰዓታት ስራሕ ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ንግሆ ካብ 8፡00 – 12፡00 ቅ.ቀትሪ ምሸት ድማ ካብ 2፡00 – 6፡00 ድ.ቀትሪ ብቁ.ስልኪ 110179 ደውሉ።

ቁ.ሳ.ፖስጣ 5537፣ E-mail; bidhonational@gmail.com

ስቕታ ጎዳኢ ስለዝኾነ ብዛዕባ ኤች.ኣይ.ቪ ብግልጺ ንዘራረብ!!!

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ከሳሲ. ኤፍረም ኣሰፋው ተኽለሃይማኖት፡ ተኸሳሲ. ብጹኣምላኽ ኣስመላሽ እምባዬ፡ ንገኻ ዝምልከት ናይ ስም ምትሕልላፍ ክሲ. ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ን12/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

ቤትኤል ሚካኤል ተወልደብርሃን ምባል ተረፉ፡ የሳን ሚካኤል ተወልደብርሃን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/7/25 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.47 ይቕረብ፡፡

ናህም ተወልደ ኣሰፋው ምባል ተረፉናዓብ ተወልደ ኣሰፋው ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ፡፡

ማራኪ ከርያኮስ ሶቲሪ ምባል፡ ኣልጋማራ ኪያሲ. ሲቲሪ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ሉልያ ሚካኤል ከሰተ ምባል ተረፉ፡ ሉልያ ሚካኤል ተኸስተ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ኣሲያስ ጉብረሂወት ተወልደመድህን፡ ካብ ኣሞይ ነፍ/ኣሰፋሽ ተወልደመድህን ዓንደሚካኤል ብለዋ ዝተዋህበ ኣብ መንደፈራ ዝርከብ ስፍሓት መሬት 400 ት/ሜ ዝኾነ ክጹድቀለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ስም ት/ዕድመ ወደና ንጉሰ ሚከኤል ሰለሙን ምባል ተረፉ፡ ኣብርሃ ሚከኤል ሰለሙን ተባሂሉ ይተኣረመሉ ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/7/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ስም ት/ዕድመ ወደና ዓወት መተካን ክፍለ ምባል ተረፉ፡ ሄርሞን መተካን ክፍለ ተባሂሉ ይተኣረመሉ ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ሓምድ ዓሊ ሳልሕ ምባል ተረፉ፡ መሓመድ ዓሊ ሳልሕ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰገነይቲ

ትርሓስ ተሰፋማርያም ሓጎስ ምባል ተረፉ፡ ፍርቱና ተሰፋማርያም ሓጎስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ቐይሕ

ወ/ሮ ሰላም ደመወዝ መተካ፡ ኣደይ ፍረወይኒ ጉብረ ተኸለ ስለዝዋረፈት፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃነና ይረጋገጸልና ስለ ዝበልት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ከሳሲ. ኣቤል ሃይለሚካኤል በርሀ፡ ተኸሳሲ. ዞርያስ ሃብተስላሴ ሳህሉ፡ ናይ መኪና ስም ምትሕልላፍ ሰቪላዊ ክርክር ስለዘሎ፡ ኣድራሻኻ ስለዘይተፈልጠ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን3/7/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

ወ/ሮ ሰላስ ብርሃ ሰቋር፡ ብዓል ቤተይ ኣቶ ብርሃ ገብረእግዚኣብሄር ገዘሀይ ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቁ ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/7/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ከሳሲ. ኣቶ ሳምሶም ተሰፋይ መብራህቱ፡ ተኸሳሲት ወ/ሮ ኣኸበረት ሰረቐ፡ ናይ ገንዘብ ክሲ. ቀሪቡልኪ. ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን10/7/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ፡፡ እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ. ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ማይ ምነ

ኣቶ ኣማረ ሳህለ ዘረኣማርያም፡ ኣቦና ሳህለ ዘረኣማርያም ጉብረያሱስን ኣዴና ወዲይ ወልደማርያም እንግዳን ስለዝዋረፉ፡ 8 ደቆም ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/7/25 ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰንዓፈ

በርሀ ጉብረጻድቕ መሰሉ፡ ወሰዲይ ጉብረጻድቕ መሰለ ወልደኪዳንን ብርሃና ደስታ ወልደሰላሴን ስለዝዋረፉ፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/6/25 ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጸሮና

ወ/ሮ መብራሂት ብርሃ ተኣ፡ ኣቦ ደቀይ ኣቶብርሃን ኣርኣያ ባህታ ስለዝዋረፈ፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት 2 ደቁ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/7/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዒላ በርዕድ

ደስበለ ጠዓመ ተኸለጼን ምባል ተረፉ፡ ዴሳዊ ጠዓመ ተኸለጼን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ባጽዕ

ወ/ሮ ቅድስቲ ትኩእ ካሕሳይ፡ ብዓል ቤተይ ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቁ ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ባናይ መሓሪ ተኸስተ ምባል ተረፉ፡ ባናያ መሓሪ ተኸስተ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

በኺታ ሳልሕ ዓሊ. ምባል ተረፉ፡ ነጃት ሰልሕ ዓሊ. ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ከረን

ወ/ሮ ሂወት ዓፋ ጉብሩ፡ ብዓል ቤተይ ናህ ወልዳይ በኺት ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ወ/ሮ ዳናይት ተሰፋሚካኤል፡ ተኸሳሲ. ኣቶ ሜሮን ዳኒኤል ኣርኣያ፡ ናይ ሓዳር ክሲ. ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ን25/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

ምሲጋና ሰረቐ ተሰፋጋብር፡ ኣዴና ሉተንሽኤ ምስየና መብራህቱ፡ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 8 ኣሕዋተይ ጥራይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/6/25 ይቕረብ፡፡

መሓመድሓየ ሓሰቡ እድሪስ ምባል ተረፉ፡ መሓመድያሕያ እድሪስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ቶኾምብያ

ወ/ሮ ኣብርሃጼን ኣሲያስ ወልዳይ፡ ኣደይ ሉተንሽኤ ወልዳይ ደቦሳይ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 1ሓፍተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣብ ዞባ ማእከል ንኡስ ዞባ ፓራዳዮ ዓዲ ሰገዶ፡ ጎደና- ቁ.ገዙ ብቁ/ፍቓድ ዋኒን ASL00039437 ናይ ዱኳን ትካለይ ንኣቶ ኣማኑኤል ተኸለማርያም ብርሃ፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ዓዲ ሰገዶ ጎደና፡ ቁ.ገዛ ብዕለት 13-06-2024 ቁ.መዝ 139/2024 ብወህቡቶ ስለዝሃብኩዎ፡ ብስም ወሃቢት ዝኸፈሎ ዕዳ ኣሎ. ወይ ይግብኣኒ እዩ ዝብል ኣካል እንተደኣ ሃልዩ፡ እዚ ምልክታ እዚ. ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ክሳብ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ ናብ ስም ተቐባሊ. ወህቡቶ ከምዝመሓላለፍ የፍልጥ፡፡

ሉተንሽኤ ኣሰፋሃ ሃይለገርግሽ

### ንኻልኣይ ግዜ ዝወጽአ ምልክታ ጨረታ

ሚኒስትሪ ትምህርቲ ንክፍሊ. ሓፈሻዊ ትምህርቲ ፎቶ ኮፒ፡ ፕሪንተራት፡ ኮምፕዩተራት ዓመታዊ ጽገና ን2025 ኣውዳዲሩ ኮሚት ስለ ዝደለየ፣ ንግዱሳት ሕጋውያን ነጋዶ ንጨረታ ይዕድም፡፡

ተሳታፍቲ ከማልእዎ ዘለዎም፦

- ናይ 2024 ዝተሓደሰ ፍቓድ ንግዲን መንነትን ፎቶ ኮፒ ምቕራብ የድሊ፡፡
- ምልክታ ጨረታ ካብ ዝወጽኣሉ ዕለት ን10 ናይ ስራሕ መዓልታት ክፉት ኮይኑ፡ ንጸባሒቱ ሰዓት 10:00 ቅ/ቀ ተሳታፍቲ ወይ ሕጋውያን ወከልቶም ኣብ ዝተረኽቡሉ ኣብ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ቤ/ጽ ቁ.20 ይኽፈት፡፡
- መኽበሪ ጨረታ 5,000 (ሓሙሽተ ሽሕ) ናቕፋ ዝተረጋገጸ ቸክ (cpo) ይተሓዝ፡፡
- ተወሳኺ. መግለጺን ዝርዝራዊ ሓበሬታን ኣብ ሚ/ትምህርቲ ቤት ጽሕፈት ቁጽሪ 20 ወይ ብቴሌፎን 200593/123749 ተወከሱ፡፡

ሚ/ትምህርቲ ዝሓሸ ኣማራጺ. እንተረኺቡ፡ ነዚ. ጨረታ ብምሉእ ወይ ብኸፊል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ፡፡

ሚኒስትሪ ትምህርቲ

### ንኻልኣይ ግዜ ዝወጽአ ምልክታ ጨረታ

ሚኒስትሪ ትምህርቲ ክፍሊ. ሓፈሻዊ ትምህርቲ፡ 4 ናይ ሃገራዊ መርመራ 8ይ ክፍሊ. ኣረምቲ ማሽናት ዓመታዊ ጽገና ን2025 ዓ/ም ከም'ኡ'ውን ንዘቕጽል ዓመታት ዓመታዊ ጽገናን ሰርቪስን ዝካይድ ክኢላ ኮሚት ስለ ዝደለየ፣ ንግዱሳት ሕጋውያን ነጋዶ ንጨረታ ይዕድም፡፡

ተሳታፍቲ ከማልእዎ ዘለዎም፦

- ናይ 2024 ዝተሓደሰ ፍቓድ ንግዲን መንነትን ፎቶ ኮፒ ምቕራብ የድሊ፡፡
- ምልክታ ጨረታ ካብ ዝወጽኣሉ ዕለት ን10 ናይ ስራሕ መዓልታት ክፉት ኮይኑ፡ ንጸባሒቱ ሰዓት 10:00 ቅ/ቀ ተሳታፍቲ ወይ ሕጋውያን ወከልቶም ኣብ ዝተረኽቡሉ ኣብ ኣዳራሽ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ሚኒስትሪ ትምህርቲ ይኽፈት፡፡
- መኽበሪ ጨረታ 5,000 (ሓሙሽተ ሽሕ) ናቕፋ ዝተረጋገጸ ቸክ (cpo) ይተሓዝ፡፡
- ተወሳኺ. መግለጺን ዝርዝራዊ ሓበሬታን ኣብ ሚ/ትምህርቲ ቤት ጽሕፈት ቁጽሪ 20 ወይ ብቴሌፎን 200593/123749 ተወከሱ፡፡

ሚ/ትምህርቲ ዝሓሸ ኣማራጺ. እንተረኺቡ፡ ነዚ. ጨረታ ብምሉእ ወይ ብኸፊል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ፡፡

ሚኒስትሪ ትምህርቲ

ኣብ ዞባ ዓንሰባ፡ ን/ዞባ ከረን ከባቢ. 05ዚፕ ኮድ 6K-1382፡ ዞን 2፡ ፕሎት 121፡ ብመለለዩ ቁ.ንብረት 6BRKRN000923 ዝተመዝገበ ስፍሓቱ፡ 173.70 /ሜ ዝኾነ ዘይንቀሳቐስ ንብረት (ገዛ)፣ ብስም 1.ኣሚነ ስምና ዑቕባዝጊ፡ 2.ኣመተዝጊ ሃብተ ወልደሚካኤል ዝተመዝገበ ዝዓደግክዎ፡ ናብ ስመይ ከመሓላልፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ. ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ. ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መእገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳኔ (ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ካዳስተርን ዞባ ዓንሰባ ከረን ይቕረብ፡፡ ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ ግን ኦርጅናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ከፍጽም ምዃነይ እሕብር፡፡

ሕርያቲ ፍረዝጊ. ዓሊናር



ሃብተሚካኤል ዑቕባ ስላሴ

# ኣገልግሎት ጥዕና ኣብ ንኡስ ዞባ ማይ-ዓይኒ

ኣብ ንኡስ ዞባ ማይ-ዓይኒ ሓንቲ ኮማዊ ሆስፒታል፡ ሓንቲ ማእከል ጥዕና፡ ሓንቲ መደበር ጥዕና ደርከቡ፡ ጨንፈር ጥዕና ንኡስ ዞባ ማይ-ዓይኒ 62 ኣባላት ይጥርንፍ፡፡ ብዘይካ'ዚ ካብ ትካላት ጥዕና ምሕደግ ኣብ ዝበለ ዓዲታት ዝሰጥዑ



ዶ/ር ፍቕረማርያም ሃይለ

52 ወለንታውያን ጥዕና ዓሶ፡ 12 ጥዕና ኣደን ህጻንን፡ 7 ድማ ወከልቲ ጥዕና ቲቢ ይጥርንፍ፡፡ ክቡራት ኣንበብቲ፡ ኣብ ኮማዊ ሆስፒታል ማይ-ዓይኒ ተዛዊርና ምስ ሓላፊ ጨንፈር ጥዕና ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ ዶ/ር ፍቕረማርያም ሃይለን ምስ ተገልገልትን ዘየደድናዮ ቃለ-መሕትት ነቕርበልኩም፡፡

ዶ/ር ፍቕረማርያም፡ ንዘሎብና ዕድል ብምምስጋን ምስ ኣገልግሎት ጥዕና ንኡስ ዞባ ማይ-ዓይኒ ከተላልየና?

ኣብ ኣገልግሎት ጥዕና ንኡስ ዞባ ማይ-ዓይኒ ዝተፈላለየ ኣገልግሎት እዩ ዝወሃብ፡፡ ከም ኣገልግሎት ተመሓላለፍቲ ዝሕከሙ፡ ኣገልግሎት ደቂሶም ዝሕከሙ፡ ኣገልግሎት ጥዕና ኣደን ህጻንን፡ ኣሃዱ ምክትታል ዓሶ፡ ኣሃዱ ምክትታል ሕማም ቲቢ፡ ኣሃዱ ምክትታል ሕማም ኤች ኣይቪ ኤይድስ፡ ኣሃዱ ሓብሬታት ኅሰሳሰ፡ ኣሃዱ ከባቢያዊ ጥዕና፡ ኣገልግሎት መደሃኒት ዝኣመሰሉ ክፍላታት ኣገልግሎት ይወሃብ፡፡

ኑቶም ተመላሊሶምን ደቂሶምን ዝሕከሙ ሕሙማት ዝግበር ክንክን ከመይ ይመስል?

ኣገልግሎት ተመላሊሶም ዝሕከሙ ሕሙማት፡ ኣብ 2024 ብ7% ካብ ናይ ዓመት 2023 ወሰኽ ኣርእዩ፡፡ እዚ ድማ፡ መርኣያ ናይ'ቲ ኣብ ህዝቢ ሰሪጹ ዘሎ ንቕሓት ኣገልግሎት ጥዕና እዩ፡፡ ዝወሃብ ዘሎ ኣገልግሎት'ውን እናዓበየ እዩ ዝኸይድ ዘሎ፡፡ መሰርሒ ኣልትራሳውንድ፡ ምስፋሕ ንጥፈታት ላቦራቶሪ ምእታው ሓድሽ መሳርሒ 'ጅን-ኤክስፐርት' ክጥቀሱ ይከኣሉ፡፡



### ኣብ ንኡስ ዞባ ማይ-ዓይኒ ጌናም ዝርአዩ ሕማማት እንታይ እዮም?

ሕማም ዓሶ፡ ሕማም ውጽኣት፡ ሕማም ብሩሴላ፡ ሕማም ስርዓተ ምስትንፋስ፡ ኣብ ንኡስ ዞባና ካብቶም ጌናም ዝርአዩ ተመሓላለፍቲ ሕማማት እዮም፡፡ ኣብ ሰለስተ ወርሒ ናይ 2025 ተመላሊሶም ዝተሓከሙ ኣሰታት 5,856 ይበጽሑ፡፡ ደቂሶም ዝሕከሙ ኣሰታት 52 ዝኣክል ዓራት ኣብ ኩዓቲት፡ ኣሰታት 29 ድማ፡ ኣብ ማይ-ዓይኒ ጠቕላላ 82 ዓራውቲ ይበጽሕ፡፡ ኣብ 2024 ካብ ናይ 2023 ደቂሶም ዝሕከሙ ናይ 5% ምጉዳል ኣርእዩ፡፡ እዚ ድማ፡ ብኾለ'ቲ ዝተኻየደ ኅሰሳት እናዓበየ ዝመጸ ንቕሓት ሕብረተሰብ ከም'ኡ'ውን ተገልገልቲ ብኣግኡ ኪደብርትዮም፡ ኣብ ቀረባ ኣገልግሎት ይረኽቡ ስለ ዘለዉ እዩ፡፡ ቀጽሪ ደቂሶም ዝተሓከሙ፡ ኣብ ሰለስተ ወርሒ ናይ 2025 ኣሰታት 181 ይበጽሕ፡፡

ንኣደን ህጻንን ዝወሃብ ኣገልግሎት ጥዕና ከመይ ይመስል?

ኣብ ኣገልግሎት ጥዕና ኣደን ህጻንን ዝጥርነፉ ከም ኣገልግሎት ሕርሲ፡ ኣገልግሎት ክታበት፡ ክትትል ቅድሚ ሕርሲ ደርበ፡፡ መዓልታዊ ከኣ ስሩዕ ኣገልግሎት ይወሃብ፡፡ ብዘይካ'ዚ ብመደብ በጺሕካ ምምላስ፡ ካብ ትካላት ጥዕና ምሕደግ ኣብ ዝበለ 9 ነቑጣታት ብስሩዕ ኣብ ከክልተ ወርሒ ኣገልግሎት ይወሃብ፡፡ ኣብ ምክትታል ኣደን ዕሸልን ዝጥዑ 12 ወለንታውያን ጥዕና ዓዲ ኣለዉ፡፡ ካብቲ ዘኪይድዎ ንጥፈታት፡ ትሑት ሚዛን ዘለዎም ህጻናት ምልላይ፡ ነፍሰጾራት ብኣግኡ ናብ ትካል ጥዕና ምልኣኽ፡ ከም'ኡ'ውን ነፍሰጾራት ኣብ ትካላት ጥዕና ክሓርሳ የተባብዑወን፡፡ ኣገልግሎት ሕርሲ ኣብ 2024 ካብ ናይ 2023 ብ3.4% ወሰኽ ኣርእዩ፡፡ ካብ 45.6 ናብ 49% ወሲኹ፡፡ ምኽንያት መጸበዩ ነፍሰጾራት ኣብ ሰለስተኣን ትካላት ጥዕና ዒ.ግ ነይሩዎ፡፡ እተን 25% ካብዘን ዝሓረሳ፡ ኣብ መጸበዩ ነፍሰ ጾራት ዝጸንሓ እየን፡፡ ኣብ ሰለስተ ወርሒ ናይ 2025 ኣገልግሎት ሕርሲ 65% ምእታዊት በጺሑ ኣሎ፡፡ ኣብ ቪታሚን ኤ ምርሳዕ የጋጥም ስለ ዘሎ፡ ኣዴታት ግዜኣን ሓልየን ብስሩዕ ደቀን ከኽትባ ንእግረ መንገደይ እላቡ፡፡

### መልክፍቲ ሕማም ዓሶ ከመይ ኣሎ?

ክሊማ ንኡስ ዞባ ማይ-ዓይኒ ቆላን ወይና ደጋን ዝዓብለሎ ስለ ዝኾነ ንምትሕልላፍ ከም ዓሶ ዝኣመሰሉ ሕማማት ምቹእ እዩ፡፡

ኣብ 2024 ሕማም ዓሶ ካብ ናይ 2023 ብ 11% ከም ዝጎደለ፡ እዚ ድማ ሕማም ዓሶ ኣብ 2023 ብዝበዘሐ ከም ዝበረ እዩ ዘጽርዑ፡፡ በዚ መሰረት፡ ብሓይሊ ዕማም፡ ኣብ ኩለን ዓሰውቲ ዝበዛ ዓድታት ጽኑዕ ምክትታል፡ ምንጻግ ጾረ ጣንጡ፡ ኅሰሳት ተኻይዱ፡፡ ብውጽኢቱ፡ ኣብ 2024 ክጎድል ክኢሉ፡፡ ወከልቲ ጥዕና ዓሶ፡ ኣብ ዓድታት ዝርአ ጸገማት ኣብ ምቅላል ዓቢ ግደ እዮም ዝጻወቱ፡፡ ኣብ 2024 ጠቕላላ 763 ብሕማም ዓሶ ተለኺፎም፡፡ እቶም 50% ብሕማም ዓሶ ዝተጠቕዑ፡ ኣብ ዓዶም ብወከልቲ ጥዕና ዓሶ እዮም ተሓኪሞም፡፡ ካብቶም 763 እቶም 615 ካብ ንኡስ ዞባ ማይ-ዓይኒ ክኾኑ ከለዉ፡ እቶም 112 ግን ካብ ካልእ ንኡስ ዞባ ዝመጽኡ እዮም፡፡ ኣብ ሰለስተ ወርሒ ናይ 2025 ድማ 76 ዝበጽሑ ብሕማም ዓሶ ተለኺፎም፡፡

### ዘይተመሓላለፍቲ ሕማማት ኣብ ከመይ ኩነታት ደርከቡ?

ኣብ ዘይተመሓላለፍቲ ሕማማት ፍወሳን ምክትታልን ይካየድ እዩ፡፡ ዘይተመሓላለፍቲ ሕማማት ብኣግኡ ንምፍዋስ ዝሕግዝ መዓልታዊ ምዕቃን ጸቕጢ ደም፡ ሚዛን ስብነት፡ ዓቐን ሽኮር ኣብ ደም ኣገልግሎት ኣሎ፡፡ ኩሎም ሕዱራት ዘይተመሓላለፍቲ ሕማማት ዘለዎም ብስሩዕ ምክትታል ንኽገብሩ ድማ ኅሰሳት ይካየድ እዩ፡፡ መድሃኒት ድማ፡ ወርሓዊ ብስሩዕ እናተመላለሱ ይወስድዎ፡፡ ንዘይተመሓላለፍቲ ሕማማት ዘገልግል ክፍሊ'ውን ተፈልዩሉ ኣሎ፡፡ ንዘይተመሓላለፍቲ ሕማማት ዝምልከት ዝተፈላለዩ ኅሰሳት ይካየድ እዩ፡፡

### ምክትታል ሕማም ቲቢን ኤች ኣይቪ ኤይድስን ዝምልከት?

ኣብ ንኡስ ዞባና ፍወሳ ናይ ሕማም ቲቢ ይካየድ እዩ፡፡ ምትካል 'ጅን-ኤክስፐርት' ከኣ ዝተጠቕሰ ኣብ ምትግባር ዓቢ ተራ ኣለዎ፡፡ ወከልቲ ጥዕና ቲቢ፡ ኣብ ምክትታል መድሃኒት ሕሙማት ቲቢ ከም'ኡ'ውን ጥርጡራት ናብ ሕክምና ኣብ ምልኣኽ ዓቢ ተራ ኣለዎም፡፡ እዚ ንጥፈት ዘተግብሩ ካብ ትካል ጥዕና ምሕደግ ኣብ ዝበለ ዓድታት ዝሰጥዑ 7 ሰባት ኣለዉና፡፡ ብዘይካ'ዚ፡ ምክትታል፡ ምልላይን ምክትታልን ሕማም ኤችኣይቪ ኤይድስ ይካየድ እዩ፡፡ ኣብ ዝሓለፈ 10 ዓመታት ኣብ ንኡስ ዞባ ማይ ዓይኒ ዝኾነ ሓድሽ መልከፍቲ የለን፡፡ እዚ ድማ፡ መርኣያ ኣብ ህዝቢ ሰሪጹ ዘሎ ሜላታት ምክልኻል ሕማም እዩ፡፡

### ኣብ ከባቢያዊ ጥዕና ዝሰላሰሉ ንጥፈታት ከመይ ይመስሉ?

ኩለን ኣብ ንኡስ ዞባ ማይ-ዓይኒ ዝርከባ ዓድታት 100% 'ናጻ ደገ ካብ ምውጻእ' ኣቢለን እየን፡፡ ቀጻልነቱ ንምውሓስ ድማ፡ ብደረጃ ሓይሊ ዕማም፡ ቀጻሊ ኅሰሳን ምክትታልን ይካየድ እዩ፡፡ ብዘይካ'ዚ ሰለስተ ወርሓዊ ስሩዕ ተፍትሽ ወሃብቲ ኣገልግሎት ትካላት፡ ከም ኣብያተ ምግቢ፡ ደኳናት ይካየድ፣ መዓልቱ ዝሓለፈ ሃለኽቲ ሓዞም ዝተረኽቡ ድማ ግቡእ መቕጻዕቲ ይብየነሎም፡፡

ተገልገልቲ፡ ንኣገልግሎት ጥዕና ኮማዊ ሆስፒታል ማይ-ዓይኒ ኣመልኪቶም ዝሃቡና መግለጺ ደሰዑቡ፡፡

ተገልጋሊት ወ/ሮ ፋጥማ ዐሶማን፡ "ቅድሚ ምሕራሰይ ኣብ'ዚ ኮማዊ ሆስፒታል ንኣርባዕተ መዓልቲ ኣብ መጸበዩ ነፍሰ ጾራት ጸኒሐ፡፡

እዚ መጸበዩ ነፍሰጾራት ምህላዉ ሓጋዚ እዩ፡፡ ናይ ኣስቤዛ ከም ሽኮር፡ ፊኖ፡ ዓደስ፡ ዘይቲ ሓገዝ'ውን ይወሃበና እዩ፡፡ ናይ መጓዓዝያ ጸገም ግን ኣለና፡፡ ነፍሰ ጾራት ሕርሲ ኣብ ዝተሓዘሉ ኣምቡላንስ ካብ ዓደን ከይዳ እያ ተምጽኣን፡፡ ምስ ሓረሳ ግን ብናይ ግሊ እየን ዝኸዳ፡፡ ኣምቡላንስ ተምጽኣን እምበር ኣይትመልሰንን እያ፡፡ ስለዚ ኣብ ምምላስ ናይ መጓዓዝያ ጸገም ኣለና፡፡ ሰብ ሞያ ጥዕና ኮማዊ ሆስፒታል ብዝገበርዎ ሰዓት ከይተጸበዩ እዮም ዝሰርሑ" ኢላ፡፡

ተገልጋሊት ትርሓስ ሓድሽ፡ "ኣብ ኮማዊ ሆስፒታል ማይ-ዓይኒ፡ ጽፉፍ ኣገልግሎት ጥዕና እዩ ዘሎ፡፡ ኣብ ተመሓላለፍትን ዘይተመሓላለፍትን ሕማማት ድማ ዝኣክል ቀረብ መድሃኒት ኣሎ፡፡ ብወከይ ጸቕጢ ደም ኣለኒ፡ ኣብ'ዚ ኮማዊ ሆስፒታል እናመጻኹ ድማ፡ መድሃኒተይ እወስድ" ክትብል ገሊጻ፡፡

ተገልጋሊ ዐስማን መሓመድ፡ "ኣገልግሎት ጥዕና ኮማዊ ሆስፒታል ማይ-ዓይኒ ዝሓሸ ኣገልግሎት እዩ ዝህብ፡ ጸጸር ከሊት ሓሚመ ምስመጻኹ ዝገበሩለይ ክንክን እዩም ገይሮምለይ" ክብል ብኣገልግሎት ናይቲ ትካል ዕጉብ ምዃኑ ገሊጹ፡፡



ዐሶማን መሓመድ



ትርሓስ ሓድሽ



ፋጥና ዐሶማን





# መዘነዪ

ሃብተሚካኤል ዕቝባስላሴ

## ሕጉሳት ሰባት ዘንጸባርቕዎ ባህሪ



• መብዛሕትኡ ግዜ ሰባት ክሕጎሱ ከለዉ፡ ሓጎሶም ብቓላትን ብኣካላዊ ቋንቋን'የም ዝገልጹ። ኣብ ዝፈትውዎ ዓውዲ ከኣ ይሳተፉ።

• ዝያዳ ምስ ዝፈትውዎም ሰባት ግዜ ከሕልፉ ይመርጹ። እዚ ድማ፡ ማዕረ ክንደይ ከም ዘፍቅርዎም እዩ ዝገልጽ። ምስ ትፈትዎም ሰባት ተሕልፎ ሓጎስ እንትርፎ ብፍሽኽታ ብቓላት ዝግለጽ ኣይኮነን። ፍሽኽታ ኣብ ህይወትና ምንጪ ኩሉ ጽቡቕ ነገር'ዩ። ዝተሓጎሱ ሰባት ከኣ ብቐዋምነት ዘንጸባርቕዎ እዩ። ፍሽኽታ ዘርኣዩ ሰባት ካብቶም ኣብ ሰሕሎም ፍሽኽታ ዘይዘውትሩ ዝያዳ ኣብ ህይወቶም ቅሱናትን ጥዑያትን፡ ኣብ ሓዳርም ጽኑዓት፡ ኣብ ዕምሮም ድማ ዕወታት ኪዕናም ተረኺቡ። መጽናዕቲ ከም ዘረጋገጾ ኣብ ህይወት እንደልዮ ጥዑና፡ ሃብቲ፡ መልክዕን ካልእን ኣብ ፍሽኽታኻ'ዩ ዘሎ።

• ህያባት ከበርክቱ ይርኣዩ። ካብ'ታ ዝኣሰሩ ክሳብ'ቲ ዝሃቦ ህያብ፡ ንሓደ ሰብ ከም ህያብ ምስ እተበርክተሉ፡ ኣብ ልዕሊኡ ዘሎካ ፍቕርን ማዕረ ክንደይ ከም እትግደሰሉን እዩ ዘርኢ።

• ብኣካላዊ ቋንቋ ሓጎሶም ይገልጹ። ንዘረባ ክንገልጾም ብዙሕ መንገዲ'ዩ ዘሎና። መጽናዕቲ ከም ዘረጋግጾ 7% ብቓላት ንበሎ፡ 38% ናይ ድምጽና ክብታን ለጠቕታን ከም'ኡ'ውን ቅልጣፈ፡ እቲ 55% ከኣ ብኣካላዊ ቋንቋ (body language) ብእንገልጾ'ዩ ምብህሃላትና ዝዓምም። ገጽ፡ ብፍላይ ከኣ ዓይኒ ገላጺት ኩሉ ናይ ምብህሃል ጥበብ'ዩ። ንርክባትና ዓቕሚ ምብህሃል'ዩ ዝውስኖ።

• እወታዊ ስምዒት ኣለዎም። ኣተሓሳስባኦም ንስምዒትናን ባህርያትናን ኣዝዩ'ዩ ዝጸልዎ። ቅኑዕ ኣተሓሳስባ ዘለዎ ሰብ ጽቡቕ ስምዒታት ይህልዎ። ጽቡቕ እናተሰመዖ ዝነብር ሰብ ከኣ ፍቱው ባህርያት ይህልዎ። ከም ውጽኢት ኣተሓሳስባኡ ከኣ ሕጉስ ህይወት ይመርሕ። እወታዊ ኣተሓሳስባ ምህላው ቃንዛን ጸገማትን ኣብ ምጽዋር እውን እወታዊ ጽልዋ'ዩ ዘለዎ።

• ማሕበራዊ ዝምድናኦም ዝለዓለ እዩ። መብዛሕትኡ ግዜ ሕጉሳት ሰባት ምስ ስድራቤት፡ ዓርኩ-መሓዛ ድልዱል ዝምድና ኣለዎም። ኣብ ዓለም እቲ ኣዝዩ ኣጉዳሲ ዝበሃል ክእለት፡ ከመይ ጌርካ ምስ ሰባት ከም ትዋሳእ ክትፈልጥ ምኽኣል'ዩ። ምኽንያቱ ሉሚ ዝምድና እቲ ኣጉዳሲ ዓውዲ ስኡፍልጠት ህይወት'ዩ።

• ሕጉሳት ሰባት ንገዛእ ርእሶም ብንቕሓት ይምርምሩ። ሕጉሳት ሰባት ናይ ገዛእ ርእሶም ስምዒታትን ድሌታትን ብጥበብ ይፈልጡ። ብዝበለጸ መንገዲ ድማ ክርድኡ ይኽእሉ።

## ትብዓት

ትብዓት ኣብ ክትገብሮ ዝደለኻ ነገር ከተተግብሮ ዘኽእል ዓቕሚ እዩ። ንፍርሒ እትስዕረሉ መድረኽ ክበሃል'ውን ይከኣል። ትብዓት ሓደ ዓቢ ወሸጣዊ ሓይሊ ኮይኑ ክሳብ መወዳእታ ዕላማኻን ራኢኻን ከበጽሓካ ዘኽእል ሓይሊ እዩ። ክኢላታት ከም ዝገልጽዎ ንትብዓትና ልክዕ ከም ጭዋዳታትና ምስ ግዜ ከተተርርን ከተመሓይሾን ከም ንኽእል ይገልጹ። ፍርሒ ከም ግብረ-መልሲ ክኸውን እንከሎ፡ ትብዓት ድማ ከም ውሳነ ክውሰድ ይከኣል።

ምኽንያቱ ንዝመጽኡ ተቓውሞን ሽግራትን ከም ዝምክትዎም ስለ ዝኣምኑ። ግሉጽነት ሓደ መርኣያ ትብዓት ክበሃል ይከኣል። ርትዓዊ ኣጣምታ ክህልወካ ድማ ይሕግዞ። ኣብ ብዙሕ ኣጋጣሚታት ተሓታቲ ካብ ምዄን ንምምላጥ ግሉጽነት ይጉሰ እዩ። ብሓፈሻ ግሉጽነት ብእትዓብየሉ ስድራቤትን ሕብረተሰብን ይጽሎ እዩ። ገለ ሕብረተሰብ ኣዝዩ ዓቃባዊ ባህሪ'ዩ ዘውንን።

ዝመጸ ይምጻእ ሸገር ብጽንዓትን



ትብዓት ሓደ ዓቢ ወሸጣዊ ሓይሊ ኮይኑ ክሳብ መወዳእታ ዕላማኻ ይኹን ራኢኻ ከበጽሓካ ዝኽእል ሓይሊ እዩ። ትብዓት ብዓቢ ጥበቡ መግዘትን ወሸጣዊ ሓይልን ዝተመልአ እዩ። ትብዓት ሓደ እወታዊ ስነ ኣእምሮ ኮይኑ እሩም ኣካይዳ ይኸተል።

እወታዊ ኣተሓሳስባ ዘለዎም ሰባት ኣብ ዝተፈላለየ ኣጋጣሚ ዕወታት ኮይናም ክወጹ ልሙድ ተርእዮ እዩ። እቲ ምንታይሲ፡ ትብዓት ብዝያዳ ከም እምነት፡ ግሉጽነት፡ ፍቕርን ጥበበን'ዩ ዘጠቓልል። ትብዓት ሓደ ዓቢ ስነ-ምግባር ስለ ዝኾነ፡ ተሰፋ ዝመልአ ዘረባ ንኽትዛረብ ይሕግዝ። ተባዓት ሰባት ዝተፈላለዩ ሽግራት ይኹኑ ምስጠራት ንምንጋር ኣይጽገሙን።

ብተስፋን እንተ ዘይኮይኑ፡ ማዕረ ክንደይ ክብደቱ ከም ዝዓቢ ርዱእ እዩ። ብዝያዳ እምነትካ ኣብ ክንበጽሖን ክንጭብጦን ዝደለናዮ ነገር ወሸጥና እንተ ዘይቕረፍና ትብዓት ኣሎና። መብዛሕትኡ ግዜ ዘጋጥመና ጸገማት ልዕሊ ዓቕምና ኣይኮኑን። ስለዚ ንምፍትሖም ማዕረ'ቲ ንጭንቖ ኣይኮኑን። መቸም ኣብዚ እንነብረሉ ዓለም ይዕበ ይንኣስ እንተስ ክበድ ዝበለ ወይ ፍኹስ ዝበለ ዘይሓለፎም ሰብ የለን። እቶም ትብዓት ዘለዎም ሰባት ንሕማቕም ብርግእ መንፈስ ስለ ዝቕበልዎ ኣብ ሓጺር ግዜ ናይ ምሕዋይ ዕድሎም ዝዓበየ እዩ። ዋላ እውን ኣካሎም እንተ ሓመመ፡ ካብ ወሸጣዊ ሻቕሎትን ዘይተደልየ ተስፋ ምቝራጽን ክገላገሉ ይኽእሉ።

ንዝተፈላለየ ወልፊ ንኽብድህዎ ኣይጽገሙን። ብፍላይ ኣብ ገለ ሰባት ዝረአ ኑብሸካ ብምውጻዕ ዝገበሩ ኣፅዋቲ ዝምድናታት እውን ሓደ ካብቶም ንምቁራጾም ትብዓት ዝሓትቱ ነገራት እዮም። ስለዚ ኣቲ ንብዙሕ መፍትሒን ዓወትን ዘለዎ ትብዓትኩም ኣይትድርብዩዎ። ኣብ ገለ ግዜ ዕምቈት ናይ ስምዒት ብዘረባ ክትገልጾ ዘይትኽእለሉ ኩነታት ኣሎ። ኣብ ከምዚ ህሞት፡ ሰቕታ ዝበለጸ መልሲ ክኸውን ይኽእል እዩ። ስለዚ ብሰቕታ ኣብልካ ሓያል ስምዒት ክትገልጽ ይከኣል እዩ። ብምዝራብካ ክብሪ ናይ ነገራት ወይ ናይ ስምዒት ከተጉድሎ ትኽእል ኢኻ። ብልክዕ ብቓላት ክትገልጽዎ ዘይከኣልኩም ህሞት ኣሎ'ዶ?

## ሰማዕት'ኻ ንኽሰምዑ'ኻ

"ቃላት፡ ድምጺ ልቢ እዮም" ብምባል እዩ ኮንፊሽየስ ዝገልጾ።

ቃላት ናይ ገዛእ-ርእሶም ሓይሊ ኣለዎም። እንዝረቦም ኣተጠባዕቲ ቃላት፡ ሓይሊ ዝሀቡ ወይ ኣዕናዊ ቃላት ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። ቃላት መልእኽቲ ስምዒታትናን ርድኢታትናን እዮም ዘቕርቡ። ቃላት ተዘርቲ ምኳኖም ምርዳእ የድሊ። ቃላት ብዘይ እቲ ብሉጽ ክውንነት፡ ኣእምሮ ደቂ ሰብ ክምስጡ ሓይሊ የብሎምን። ኣብ ኣጋጣሚታት ሕርቃን ዝዘረቡ ቃላት ሰምብራቶም ቀሊል ኣይኮነን። ምናልባት ዝኸፍኣ ክትብሎ ትደሊ ክትብል ትኽእል ኢኻ፡ ግን ልዕሊ ዝዋፅኣካ ኣይትበል። ልዕሊ ዓቕሚ ምጽዋርም ሰባት ከይተሰልኪ ተጠንቀቕ። ምናልባት ቀዳሚ ኣፍካ ዝረብ ምኽፋትካ ክትዛረቦም እትደሊ ዘለኻ ጉዳያት ኣረጋግጽካ ሕሰቦም ብድሕሪኡ ንሓሳባትካ ጠርኒፍካ ብትጽር ዝበለ መገዲ ክትዛረብ ጀምር። ከምዚ እንተ ጌርካ ዘረባኻ ዝከታተሉ ሰባት ቀልጢፎም ክርድኡኻ'ዮም። ሰሚዕትኻ ክሰምዑኻ ዝኽእሉ ምዕሩይ ሓሳባት ምስ ትጥቀም ደኣ'ምበር ካብ ብዙሕ ቃላት ከም ዘይኮነ ኣስተብህል።



ብብዙሕ ቃላት ከተረድኦም ትሓስብ እንተለኻ ግና ብኸፉት ኣእዛኖም ኣይክሰምዑ'ኻን'ዮም። ኣዲንየም'ውን ናባኻ ምጥማት ክሰልክዮን'ዩ። እቲ ዝሓሰብዮ ሓሳባት ኣብ ክንዲ ዝርድእዎ ድማ ከይተረድኡኻ ብዝይ ፍረ ክትተርፍ ኢኻ። ስለዚ ነተን እተወጽአን ወኻሉዳት ቃላት ተገደሰ፡ ማሰዮቲ ንኽትገብረን'ውን ሕሰበ። ብድሕሪኡ ሰባት ቀልጢፎም ክርድኡኻን ንሓሳባትካ ተማሲጦም ክሰምዑዎን'ዮም።

ዕላታዊ ህይወትና፡ ኩለንተናዊ ሰብኣዊ ርክባትና ብዘርርብ ዝተዓበለ እዩ። ፈላጣት ስነ-ልቦና፡ ኣስታት 90 ሚእታዊት ናይ ዕላታዊ ርክባትና ብዘርርብ ዝተመልአ ምዃኑ የጸንዑ። ስለዚ ኩለንትናና ብቓላት ዝተመልአ'ዩ እንተ ተባህለ ምግናን ኣይኮነን። ቃላት ናይ ገዛእ-ርእሶም ሓይሊ ኣለዎም። ኣቲ ከመሓላልፎ እንደሊ መልእኽቲ ድማ የንጸባርቑ። ቃላት መልእኽቲ ስምዒታትናን ርድኢታትናን እዮም ዘቕርቡ። እወታዊ ኮነ ኣሉታዊ ስምዒታት ወይ ርድኢታት ክህልዉና ከኣ ባህርያዊ እዩ። ቃላትና ከኣ ብዚ መንጸር ክጽለዉ ንቡር'ዩ። ካብዚ ኩነታት ብዝተቕል'ዩ ኸኣ ኣብ እንዛረቦ ቃላት፡ እወታዊ ወይ ኣሉታዊ ኩነታት ምስ ካልኦት እንፈጥር። ጽቡቕ ትብል እንተለኻ ኣቲ ሰማዒ ጽቡቕ ትህብ ኣለኻ። ሕማቕ ትብል እንተለኻ ድማ ኣቲ ሰማዒ ሕማቕ መልእኽቲ ትህብ ኢኻ ዘለኻ። ብፍላይ ምስ ህጻናት እንጥቀመሉ ቃላት ሕልፈ ካልኦት ኣብ ኣእምሮ ዝዓቢ ከም ኡ'ውን ዝሰበር እዩ። ንሓደ ህጻን እትብሎ፡ ቃል ምስኡ ይዓቢ ክሳብ ዘሎ ድማ ምስኡ'ዩ ዝሰበር። ክውንነት ውጽኢት ናይ ብዙሕ ነገር ክኸውን ይኽእል'ዩ። ብሓፈሻ ግን ክውንነት ዝበዝሐ ውጽኢት ናይ ሓሳባት እዩ። በዚ እዩ ድማ ማሃትማ ጋንዲ- "ሓሳባትካ እወታዊ ይኹኑ፡ ምኽንያቱ ቃላትካ ውጽኢት ሓሳባትካ ስለዝኾኑ፡ ቃላትካ ከኣ እወታዊ ይኹኑ እቲ ምንታይሲ ኣካይዳኻ ከኣ ውጽኢት ቃላትካ ስለዝኾኑ" ብምባል ዝገለጾ።

## ጥቕስታት መዛነዪ

- "ናጽነት ሓጎስ እዩ።"- ሱዛን ቢ. ኣንቶኒ
- "ናጽነት ብናጻ ዋጋ ዝርከብ ዘይኮነ፡ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ምሸት ንእትሕተቶ ዋጋ ክትከፍል ምኽኣል እዩ።" - ካረን ፕለቸር
- "ሓርነት ዘይብሉ ህይወት ከም መንፈስ ዘይብሉ ኣካል እዩ።" - ካህሊል ጊብራን።
- "ናጽነት ብዘይ ዋጋ ዝዕደግ ኣይኮነን፡ እስትንፋስ ህይወት እዩ።" - ማህተማ ጋንዲ
- "እቶም ንናጽነት ካልኦት ዝኸሕዱ፡ ናጽነት ኣየድልየንም እዩ።" - ኣብርሃም ሊንከን
- "ናጽነት ካብ ሓይሊን ርእሰ ምርኮሳን እዩ ዝመጽእ።" - ሊዛ ሙርኮውስ

# ዛዕባ ሎሚ

## ኢትዮጵያ - ሃገርነትን ሃገራውነትን ኣብ መስቀላዊ መንገዲ

ፍስሃየ ኪዳነ (ወዲ ፖሊስ)
ሚኒስትሪ ትምህርቲ

ኣብ ዝሓለፈ ክፋል ናይዚ ጽሑፍ'ዚ ኣብ ዝቐረበ መእተዊ ከም እተገልጸ፡ ፖለቲካውን ጸጥታውን ኩነታት ኢትዮጵያ፡ ካብ ዜጋታታ ሓሊፉ ንመላእ ህዝቢ ኣፍሪቃ፡ ካብኡን ናብኡን ከኣ ንጉድቦታት ኣተሓሳስበን ኣሻቓልን ኮይኑ ኣሎ። ብዙሓት ተዓዘብቲ፡ በቲ ኩነታት ስክፍታ ብምሕዳሮም፡ እታ ሃገር ዛዕባ ዝተፈላለዩ ትንታነታት ኮይና ኣላ። እዚ ሓተታ'ዚ ከኣ ብዓቕሙ፡ ኣብ ክሊ ፖለሲታት ዕንደራን ሸርሕታትን መንግስታት ኢትዮጵያ፡ እንተላይ ንገንሸልኑት ኤርትራ ኣብ ግምት ብምእታው፡ ትዕዝብቲ ንምክፋል ዘንቀደ እዩ። ኣብ ዝሓለፈ ክፋል፡ ከም ድሕሪ ባይታ፡ ኣመዓብብላ ሃገርን ሃገራውነትን ብደረጃ ዓለም ርኢና፡ መቐጸልታኡ ይስዕብ–

### ህንጻት ሃገርን ሃገራውነትን ኣብ ኣፍሪቃ

ብዝቐለለ ኣገላልጻ፡ ብመሰረት ሓደ መጽናዕቲ (1991፡ 4፡78)፡ 'ሃገር' ከም ሓንቲ ዝዓበየት ሰድራ እትውከል 'ኣሃዱ' እያ። እዚ ማለት ከኣ፡ ኣባላት ሰድራ፡ እቶም ኣብ ኣደ-መሬት (motherland) ወይ ኣቦ-መሬት (fatherland) ዝቕመጡ ብቋንቋ-ኣደ ዝዛረቡን ንኽብርታት ሰድራ ዝምእዘዙን ከም ኣሕዋትን ኣሓትን ዝውሰዱ [ዜጋታት] ክቐጽሩ ይኽእሉ። ብተመሳሳሊ፡ ሃገር'ውን ኣብ ሓደ ግዝኣተ-መሬት ዝቕመጥ ኮማዊ ህዝቢ፡ ንሓደ ዓይነት ሕግታትን ትካላትን ብምእዛዝ ዝነብረላ 'ኣሃዱ' እያ። በዚ መሰረት፡ ሃገራውነት ሰረተ-እምነት (doctrine) ኣብ ሓደ ሃገር ብሓባር ዝነብሩ ሕብረተሰባት እዩ። ብኻልእ ኣገላልጻ ሃገራውነት ስነ-ሓሳብ ቋንቋታትን ትእምርትታትን ስለ ዝኾነ፡ ብብዙሕ መንገድታት፡ ንሰለስተ ወነሳታት (ማሕበራት) ክቕስቅስ ይኽእል። እዚኣቶም፡ ግዝኣተ-መሬት፡ ታሪኽን ሕብረተሰብን እዮም። ሃገራውነት (nationalism)፡ ንትእምርታውያን ምልክታት (ኣርማታትን ቋንቋታትን)፡ ባህልን እኩብ ንቕሓትን ዜጋታት ዝውክል ሓባራዊ ኣተሓሳስባ ምዃኑ ይእምት። እምበኣር፡ ሃገራውነት፡ ንሃገርን ኣባላታን ናብ 'እኩብ ባዕላውነት (Collective Self)' ከም ዝተባርቡ ከመልከት ይኽእል። ብኻልእ ሓረግ፡ ሃገራውነት፡ ዜጋታት ሓደ ሃገር ንደምሲ ዝጸረየ ማሕበረኮም ጥራይ ንኽሰምዑን ንኽምእዘዙን ምብርባር ይፈጥር። ብኣጠቓላሊ፡ ሃገራውነት፡ ሰሪ ቅድን ስነ-ሓሳብን ብምስዃም፡ ንቐርጺ ባህሊ፡ ቋንቋ፡ ስነቃልታታት (ስነጽውጻዋያት ወይ እኩባት ጽውጻዋያት)፡ ትእምርትን ንቕሓትን'ውን እዩ።

ብኻልእ መንገዲ፡ ሃገር'ውን ሓደ ዓይነት መንነት እያ። ክንዲ ዝኾነ፡ ሃገራውነት፡ ቀንዲ መለለዪታት ኣለዉዎ። ንሳቶም ከኣ፡ ባንዴራ፡ ሃገራዊ መዝሙር፡ ምርኢት ሰልፍታት፡ ሰልዲ፡ ርእሰ-ከተማ፡ ማሕሉታት፡ ባህላዊ ልምድታት፡ ኣብያተ-መዘክር፡ መዘከራት ኩናት፡ በዓላት ዝኸበሩ ፓስፖርትታት (ታሴራታት) ወዘተ ዘማስሉ እዮም። ብሓፈሻ፡ ሃገራውያን ትእምርትታት፡ ልምድታትን በዓላትን እቶም ዝፈረዩ መዳያት ብርታዐን ኣዕርኽትን ሃገራውነት እዮም። ብመሰረቱ ሃገራውነት፡ ንሕብረተሰባት፡ ፖለቲካዊ ማሕበረኮም (Political Community) ብምስራጽ፡ እኩብ ባህላዊ መንነት ንምፍጣር የኽእል። ብቐረጠው፡ ብምንጪ ኣብ ዝተኸለ ወሰን ማሕበራዊ ስፍራ ዝነብሩን እዚ ግዝኣተ-መሬት'ዚ ዝበጽሖምን ኣባላት ሓደ ማሕበረሰብ፡ ኣብ ገለ ሓባራውያን ትካላትን ንሓደ ዝዓይነቶም ስርዓተ-ሕግታት፡ ማሰላትን ግቡኣትን ክኣምኑን ክምእዘዙን ምስ ዝጀምሩ፡ 'ፖለቲካዊ ኮም' ምዃኖም ይገልጽ። እምበኣር፡ ሃገርነትን ሃገራውነትን ዘማዕብሉ ህዙባታት፡ ንህንጻትን ምውሓስን ሃገር ቀዳምነት ክህቡዎ ግድን እዩ።

ብሓፈሻ፡ ብሕልፊ ኣብ ኣፍሪቃ፡ ብሰንኪ ንመስርሕ ህንጻት ሃገር (Nation Building) ዋጋ ዘይክፈለሉ ምኽንያት፡ መብዛሕትኡ እዋን ርግኣት ሃገራት ነቓንቕ ክበል ይርአ። ቅድሚ ዝኣገረ መስርሕ ህንጻት ሃገርን ሃገርነትን ሓላፍነት ኣብ ፖለቲካዊ ስልጣን ዝመጽኡ ልሂቃን እዩ። በዚ መንጽር'ዚ፡ መንግስቲ ሓደ ሃገር፡ ብመንጽር ፖለቲካዊ ስልጣኑ፡ ሃገራዊ መንነት (National Identity) ንምንዳቕ ወይ ንምቕራጽ፡ ቀዳማይ ሓላፍነቱ ክኸውን ይግባእ። በዚ መሰረት፡ ህንጻት ሃገር፡ ኣብ ሓደ ጂኦግራፍያዊ ዞባ ንዝቕመጡ ሕብረተሰባት ስጡም ሕብረት ከም ዝህሉዎም ብምግባር፡ ኣብ ሓደ ሃገር፡ ፖለቲካዊ ርግኣትን ቀጻልነትን (stability and viability) ምርግጋጽ ማለት እዩ። ማይሎናስ ዝተባህለ ተመራማሪ "ልሂቃን መንግስቲ፡ ሰለስተ ፖሊሲታት ህንጻት ሃገር ክጥቀሙ ይግባእ። ንሳቶም ከኣ፡ ጥጡሕነትን ወሀደትን (accommodation)፡ ውሕጠት (assimilation)፡ ክልከላ (exclusion) እዮም" ብምባል፡ ሓደ መቓን የቐምጥ። ብተመሳሳሊ፡ ህጹጽ ሃገር፡ ንሳቶም ንዕላቶም'ውን ኣባላት መንግስቲ እዮም። ክንዲ ዝኾነ ንሳቶም፡ መንግስታዊ ፕሮግራማት፡ ከም ዕላማርናን ሃገራዊ ዝትሕዝቶኡ ትምህርቲ ሓፋሽን ብምስኣል፡ ሃገራዊ ማሕበረኮም (national community) ንምምዕባል ክጽዕሩ ይግባእ። ብዘይካ'ዚ፡ ህንጻት ሃገር፡ ማሕበራዊ ወሀደትን ቁጠባዊ ዕቤትን ንምኽስካስ፡ ዓበይቲ ልሰሉሳትን (ፕሮፖጋንዳ) ደረቓትን ትሕተ ቅርጽታት ይሓትት።

ኣብ ዘመናዊ መዋእል፡ ህንጻት ሃገር፡ ዝኣመቱ ትካላት መንግስቲ፡ ትምህርቲ፡ ሓይሊ ምክልኻል፡ ዲፕሎማሲ፡ ማእከላት ፋይናንስ፡ ግብርን ቀረጽን፡ ሲቪላውያን መሳላትን ሓርነታትን ንምቛም ዝተዐደ ጻዕሪ እዩ። ብዘይካ'ዚ፡ ህንጻት ሃገር፡ ኑዩም ብሓይልታት መግዝእቲ ይኹን ንግስነታት ብምቕርራጽ፡ ኣብ ፋሕፋሕ ዝበሉ ግዝኣተ-መሬታት ዝነብሩ ሓፋሽ ህዝቢ (populace)፡ ንበዝሒ ሃይማኖት ወይ ካልኦት ደባት ግዲ ከይሃብኩ፡ ዳግም ንምውሃጻም ዝግበሩ ጻዕርታት ክጠቓልል ይኽእል። ብኻልእ መዳይ፡ ህንጻት ሃገር፡ እንተላይ ክሳብ ንሃገራውያን ሓንጎ-መንጎ (National Paraphernalia)፡ ከም ሃገራዊ ባንዴራ፡ ሃገራውያን ልብሰታት ውትህድርና፡ ሃገራዊ መዝሙር፡ ሃገራውያን መዓልትታት፡ ሃገራውያን ኣዳራሻት፡ ሃገራውያን መስመራትን ኣገልግሎታትን ኣየር፡ ሃገራውያን ቋንቋታትን ሃገራውያን ዛንታታት ወይ ጽውጻዋያትን (National Myths) ንምፍጣር ዘኽይድ መስርሕ ምዃኑ ይእመት። ዋላ ብዝዓመቐ ጸፍሒ'ውን፡ ሃገራዊ መንነት ንምምዕባል፡ ንዝተፈላለዩ ብሄራትን ዓሌታትን (Ethnic Groups) ብደይ መደይ ብምጥጣቕን ብምንዳቕን ናብ ሓደ ሃገርን ሃገርነትን ንምምጻእ ዝግበር መስርሕ'ውን እዩ። እዚ ከኣ፡ ነቲ 'ክፋፈልካ ግዛእ' ዝሕመረቱ ሜላታት ገዛእቲ ሓይልታት ዘስዓቦ ንህዝባታት ብጉሳታት ዝመቓቐለ ልምዲ ንምስጣም ክሕግዝ ይኽእል። ኣማእያኡ ደሞ እዘን ዝተጸገና ሃገራት ብቐጻልነተን ኮነ ስጥመተን ሃገራውያን ኣሃዱታት (National Entities) ንኽኾና ዓቢ ኣስተዋጽኦ ኣይሰኣናን።

በዚ መንጽር'ዚ፡ ብመሰረቱ ኤውሮጳዊ መግዛእቲ ንሃገራት ኣፍሪቃ፡ ብዘርዕን መስመርን ፖለቲካዊ ካርታ ክሕንጽጽለን እንከሎ ዝገደፎ ሓደጋ፡ ንመሰረታዊ ግርጭት ዓሌታት ቀንዲ ረቛሒ እዩ ነይሩ። እዚ ከኣ ኣብ ኣፍሪቃ ዝነብሩ ሓደ ዓይነት ብሄራትን ቋንቋታትን ኣብ ሃገበይናም ጂኦግራፍያውያን ካርታታት ፋሕ ከም ዝበሉ ምግባር፡ ንዘሐሉ መግዛእቲ ምእንቲ ከገልግል ተባሂሉ ዝተሃንደሰ ውዲት እዩ ነይሩ ክበሃል ይክኣል። ንኣብነት፡ ዓሌታት ቱትሲ-ሁቱ ኣብ ኮንጎን ሩዋንዳን፡ ብሄረ ዓፋር ኣብ ኤርትራ፡ ጅቡቲ፡ ኢትዮጵያ፡ ብሄረ ትግርኛ ኣብ ኤርትራን ኢትዮጵያን፡ ብሄራት ትግረን ሕዳረብን ኣብ ኤርትራን ሱዳንን፡ ብሄረ ኦሮሞ ኣብ ኢትዮጵያን ኬንያን፡ ብሄረ ሶማል ድማ ኣብ ኢትዮጵያን ሶማልያን ወዘተ.. ተዘርዮም ደርከቡ። ምናልባት፡ መግዛእቲ ኤውሮጳ ንሓደ ዓይነት ብሄርን ቋንቋን ኣብ ሓደ ግዝኣተ-መሬት ከም ዝሰፍሩ ብምግባር፡ ሃገራት ኣፍሪቃ ብመልክዕ 'ሃገረ-መንግስቲ' (nation-state) ንምቛም'ውን ኣማሪጺ ነይሩ እዩ። እዚ ማለት ከኣ ኣብ ሓደ ሃገር ዝቕመጡ ሓደ ዓይነት ብሄርን ቋንቋን ዘውንኡ ሕብረተሰብ ዝቕመጠሉ ሃገር 'ሃገረ-መንግስቲ' ስለ ዝበሃል እዩ። ንኣብነት፡ ሃገራት እስራኤልን ሶማልን ሓደ መርኣያ ሃገረ-መንግስቲ እየን። እምበኣር፡ ኣብ ሓደ ቤት-መሬት (homeland) ከም ሓደ ጥርናፈ (polity) ብሰላምን ስኒትን ክነብሩ ዝኽእሉ ዝበሩ ሕብረተሰባት፡ ግዝኣተ-መሬቶም (territory) ብምቕርራጽ ፋሕ እንተ ኢሎም፡ ንግርጭት ቀሊዓት ክኾኑ ይኽእሉ። እዚ ፋሕፍርንጋሕ'ዚ፡ ንህንጻት ሃገር ከኣብድን ክሓላልኽን ግድን እዩ። ንኣብነት ሃገራት ኮንጎ፡ ሶማልያን ናይጀርያን ነጥቡ መርኣያ ምኽንያት ክጥቀሳ ኣይክኣልን።

ብዘይካ'ዚ፡ መስርሕ ሃገርን ሃገርነትን ብኽልተ መንገድታት ክሓልፍ ይኽእል። ብመሰረት ኣንቶኒ ስሚዝ (1991፡ 5፡101)፡ እቲ ቀዳማይ፡ መስርሕ ቢሮክራስያዊ ወሀደት (Bureaucratic Incorparation) እዩ። እዚ መስርሕ'ዚ፡ ግዝኣታውያንን ዜግነታውያንን (ሲቪካውያን) ፖለቲካውያን ሃገራት ናብ ምምስራት ይወስድ። ኣብዚ ቀዳማይ መንገዲ፡ እታ ከም ኣሃዱ እትፍለጥ ሃገር፡ ብሌጋኡ ልኡላዊነትን ነጻን እያ። ክንዲ ዝኾነ፡ ምስግጋር ስርዓተ-ፖለቲካኣን ርእሰ-ምምሕዳር ባህላን እምበር፡ ካብ ባዕዳዊ ግዝኣተ-ምሕደራ ዘላቕቓ ምንቅስቓስ እትሓትት ኣይኮነትን። እቲ ካልኣይ መገዲ ከኣ፡ ብመስርሕ ዞባዊ ወይ ቋንቋኣዊ (Vernacular Mobilisation) ዝፍለጥ እዩ። እዚ፡ ንማሕበረ-ጉጅላኣውያንን ስነ-ትውልዲኣውያንን (Ethnic and Genealogical) ፖለቲካውያን ሃገራት ንምፍጣር ይሕግዝ። ኣብዚ ካልኣይ ህንጻት ሃገርነት ድማ፡ እታ ብኣሃዱኣነት እትፍለጥ ሃገር፡ ኣብ ክንዲ ሓድሽ ባህላዊ መንነት ንምቕራጽ ጥራይ እተተኩር፡ ከም ዘይነጻ ሃገር፡ እንተላይ ካብ ሓይልታት ባዕዳውያን ገዚኣቲ ሓራ ብምግባር፡ ክሳብ ነጻን ልኡላዊትን እትኸውን ቃልሲ ይሓትት።

እምበኣር፡ ኣብ ምስረታን ምፍጣርን ሃገርን ሃገርነትን ሃገራዊ ፖለቲካዊ መንነት ንምቕራጽ፡ ኣገዳሲ ጻዕርታትን ወፍርታትን ቅድመ-ኩነት ምዃኖም፡ ክዘንጋዕ የብሉን። ብኻልእ መንገዲ፡ ንመንግስትታትን ንግስነታትን ናብ ጥሙራት ፖለቲካውያንን ግዝኣታውያንን ማሕበረኮማትን (Compact Political Communities) ግዝኣታውያን ሃገራትን (Territorial Nations) ንምስግጋር፡ ንግስነታውን መንግስታውን መንገድታት (State and Imperial Routes) ምኽታል ዘይተርፍ ግዴታ እዩ። በዚ መጠን ብሕልፊ ኣብዚ ዳሕረዋይ ኣንፈት (ንግስነታዊ) ጥምረት ዘለወን ፖለቲካውያን ሃገራት ንምድልዳል፡ እተን ብማሕበረ-ጉጅለኣውያን ባእታታት (ethnie elements) ዝቖማ ግዝኣታት፡ ባህሊ፡ ልምዲ፡ ሃይማኖትን ምልኩልዐላንን ካህናትን ስለ ዝጉልበበን ዝሰርጸንን ንስጥመተን ክጻዓር ይግባእ። እዚ ከኣ ንኣገደስቲ ዓሌታትን ብሄራትን (Ethnic Minorities) ብምሕቋፍ፡ ንጠቦይ በርክራሲያዊ ስርዓተ-መንግስትነት ምዝዋግ፡ ዕላውን ትካላውን ሃገራውነት ብምጥቃም፡ ገዛኢ ደርብታት ብመንገዲ ዓበይቲ ትካላቶም ንኣገደስቲ ጉጅለታት ንምስጣምን ንምውሓጥን (homogenization and assimilation)፡ ከም ፕሮግራም ትምህርታዊ ሃገራውነት ብምጥቃም፡ ምስሊ ሃገርነት ንምዕባይ ጻዕርታት ይጥለብ። ንኣብነት፡ ሃገራት ሩስያ፡ ቱርኪ፡ ጃፓን ኢትዮጵያ ወዘተ. ሓደ ነጥቡ መርኣያ ናይዚ መስርሕ ምኽንያን ይእመን (ኮሜሁ)።









ይቕጽል . . .

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ቅድድም ብሽክለታ 'ዋንጫ ሰማእታት' ጀሚሩ

### ኣስቤኮ፡ ብ'ኹሉ ትኻልስ ኣላ

ቅድድም ብሽክለታ "ዋንጫ ሰማእታት" ዞባ ማእከል፡ ሰንበት 1 ሰነ ኣብ ቸርኪቶ እንዳማርያም ክልተ ዲቪዥናት ብዘኻየደቶ ናይ ቀዳማይ መድረኽ ውድድር ፈሊሙ።

ኣብቲ ውድድር፡ ንሰለስተ ቀዳሞት ተቐዳደምቲ ብተኸታታሊ - ሰለስተ፡ ክልተን ሓደን፡ ግዜን ነጥቢን ዘኽስብ ናይ መንጎ ጸወታ ቅጽበታዊ ውድድር (ኢንተርሚደይት) ነይሩ። 104 ኪሎሜተር ኣብ ዝሸፈኑ ናይ ደቂ ተባዕትዮ ውድድር ድማ፡ ጉዳይም ተቐዳደምቲ ተሰኒፎም ዕቑባማርያማን ሚሮን ተሾመን ተወዳዲሮም ነይሮም።

ንቀዳመይቲ ኢንተደሚደይት፡ ተቐዳዳማይ ኣስቤኮ ዳጸም ፍጹምብርሃን ክዕወተላ እንከሎ፡ ኢሮም እስቲፋኖስ - ሰምበል ኣኽሊሉ ኣተሸም ካብ ደንደን ድሒሮም ኣትዮም። ንካልኣይቲ ድማ፡ ተቐዳዳማይ ገዛ ጣንዳ ሳይሞን ሚካኤል ንናይ ውልቂ ተቐዳደምቲ ሰዋረ ሰመረን ተሰኒፎም ዕቑባሚካኤልን ኣኽቲሉ ተዓዊቱሉ።

ኣብቲ 2.1 ኪሎሜተር ዝንውሓቱ መወዳደሪ ቦታ፡ ወላ'ኳ ዝተፈላለየ መጥቃዕትታት እንተተፈጸሙ፡ ነዊሕ ዝኸዓዘ ግና ኣይነበረን። ንዝፍጠሩ ዝነበሩ ጉጅለታት ኣብ ምርኻብ ሓደ ካብቶም ልዑል ተራ ዝተጻወቱ ተቐዳደምቲ ዝኾነ ኣብል ኣስቤኮ ኑርኣሕመድ ዓብደወሃብ ድማ፡ ኣብታ መዛዘሚት ዙርያ ካብ ዓብዪ ጉጅለ መሊቑ ብምውጻእ፡ ብ2 ሰዓት፡ 41 ደቒቕን 59 ካልኢትን ዕወት መድረኽ ኮይኑ።

ሰለስተ ካልኢት ድሒሩ ንዝመጸት ጉጅለ ድማ፡ ወዲ ጋንታኡ ዳጸም ፍጹምብርሃን፡ ንተቐዳዳማይ ጋንታ ደቡብ ርቢል ሃብተማርያም ረቲዑ ካልኣይ ኣትዩ።

በዚ ወጽኢት፡ ቀዳማይ ብምእታዉ 10 ካልኢት ዝኸሰበ - ኑርኣሕመድ፡ ንግዜኡ ናብ ብ2 ሰዓት፡ 41 ደቒቕን 49 ካልኢትን ኣጉዲሉ፡ ብሓፈሻዊ ግዜ ይቕልሶ ኣሎ። ዳጸም፡ ብክልተ ካልኢት፣ ርብል ብሸውዓተ ካልኢት ተፈንቲዩም ደሰዕቦም።

ብናይ ሹኣ ቃልሲ፡ ዳጸም ብ12 ነጥቢ ይመርሕ፣ ብተኸታታሊ 11ን ሸሞንተን ነጥቢ ዘለዎም ኑርኣሕመድን ርቢልን ይኽተልዎ።

ኣስቤኮ ድማ፡ ብ8 ሰዓት፡ 6 ደቒቕን 3 ካልኢትን ትመርሕ ኣላ፣ ብተመሳሳሊ ሰለስተ ካልኢት ድሒረን ኢሪትልን ጋንታ ደቡብን ደሰዕባ።

ብዘይካዚ፡ 72 ኪሎሜተር ኣብ ዝሸፈኑ ካልኣይ ዲቪዥን (ጁንየር)፡ ናይ ውልቂ ተቐዳደምቲ ናህም ሃብተጼንን ዒሳ በሽርን ተመራሪሖም ቀዳማይን ካልኣይን ኣትዮም። ብገምጋም ኣብ ሰዓት 38.2 ኪሎሜተር ዝተጓዕዙ እዞም ተቐዳደምቲ፡ ብ1 ሰዓት፡ 52 ደቒቕን 59 ካልኢትን ውድድር ዛዚሞም። 19 ካልኢት ድሒሩ ንዝመጸት ጉጅለ ከኣ፡ ተቐዳዳማይ ሰምበል ኢሳው ጸጋ ረቲዑ ሳልሳይ ደረጃ ሐዚ።

ናህም፡ ብ1 ሰዓት፡ 52 ደቒቕን 49 ካልኢትን ንሓፈሻዊ ውድድር ይመርሐ ኣሎ፣ ዒሳ፡ ክልተ ካልኢት፡ ኢሳው 17 ካልኢት ድሒሮም ይስዕብዎ።

ኣብ ናይ ሹኣ (ናይ ነጥቢ) ውድድር ግና፡ ኢሳው፡ ብ14 ነጥቢ ቀዳማይ ኣሎ። 11 ነጥቢ ዘለዎ ናህም ካልኣይ፡ ትሸዓተ ነጥቢ ኣኪቡ ዘሎ ዒሳ ሳልሳይ ደረጃ ሐዚ ኣሎ።

ናይ ሳልሳይ ዲቪዥን (ዩዝ) ውድድር'ውን ኣካል ናይ'ቲ ሰሉስ ነይሩ። ን51 ኪሎሜተር ብገምጋም ኣብ ሰዓት 43.7 ኪሎሜተር እናተጓዕዙ ብ1 ሰዓት፡ 11 ደቒቕን 23 ካልኢትን ኣብ ዝወድእዎ ድማ፡ ተቐዳዳማይ ደንደን ንፍታሌም ቅዱስ ቀዳማይ ኣትዩ። ሰናይ ተኸስተ - ትጸቢት፡ ናህም ሰለሙን - ደንደን ተኸቲሎሞ።

ንፍታሌም፡ በ11 ነጥቢ መሪሒ ኣሎ። ኣብ ናይ ሹኣ ውድድር፡ ኣሚኒደኣብ ወልደየወሃንስ - ደንደን ብተመሳሳሊ ነጥቢ ካልኣይ፡ ሰናይ ብ10 ነጥቢ ሳልሳይ ደረጃ ሐዚም ኣሎ።

ኣብቲ ዕለት ዘይተወዳደራ ደቂ ኣንስትዮ፡ ሰሉይ 9 ሰነ ናይ በረኻ ውድድር ቀዳማይ መድረኽ ከሳልሳ እየን።



ዕዉት መድረኽ - ኑርኣሕመድ ዓብደልወሃብ

### ትዕዝብቲ

* ደገፍቲ፡ ኣብ ኩሉ ዓይነት ውድድር፡ መቐረት እዮም። ደገፍቲ ዘይብሉ ዓውዲ፡ ከንዲ ዝሓየለ ይሓይል መሳጢ ኣይከውንን፣ ኑዮም ስፖርታውያን'ውን ደስ ኣይብሎምን። ሰሪ ሉባዲ ኮሮና ቫይረስ ኣብ ጥርሑ ስታድዮም ዝሰላሰል ዝነበረ ኩዕሶ እግሪ ኤውሮጳ ናይ ቀረባ ኣብነት እዩ።

ብመዳይ ኣቀማምጣ ደገፍቲ ድማ፡ ናይ ቅድድም ብሽክለታ ካብቶም ኣብ ስታድዮም ኮፍ ኢሎካ ዝረኣዩ ፍልይ ዝበለ እዩ። ደገፍቲ፡ ኣብ ወሰን ቦታ ከይተሓጸሩ እዮም ዝዕዘቡ። ምንቅስቓሶም ጠገለ እንተሰኢኑ ከኣ፡ ኣብ ተቐዳደምቲ ሓደጋ ከስዕብ ይኽእል።

ኣብቲ ናይ ብቐድሚ ትማሊ ውድድር ከኣ፡ ኣብ እዋን መዛዘሚ ዝበረ ናይ ተዓዘብቲ ጠገለ ዝሰኣነ ምእታው ናብ መወዳደሪ ቦታ ዘተሓሳስብ እዩ - ወላ'ኳ ዘጋጠመ ሓደጋ ኣይነበረ። ገለ ተቐዳደምቲ'ውን ብሰንኪ ምእታው ደገፍቲ ናብ ጽርግያ፡ ውድድሮም ከይዛዘሙ ተሰናኺሎም እዮም።

ልክዕ እዩ፡ ምሉእ መዓልቲ ውድድር ክዕዘብ ዝወዓለ ደጋፊ፡ መፈጸምታ ክርኢ ደስ ዘይብሎ ኣይኮነን። ባህሪ ናይቲ ዓውዲ ግና፡ ኩሉ ሰብ ክርእዮ ዘኽእል ኣይኮነን። ብመንጽሩ ቡጠዘጥዕመካ ናብቲ ናይ መዛዘሚ ቦታ እንተውሕዙ፡ ኣብቶም ንዊሕ ሰዓታት ረሃጾም ከፍስሱ ዝወዓሉ ተቐዳደምቲ ገለ ሓደጋ ኪጋጥም ይኽእል እዩ።

ስለዚ፡ ንኹሉ ቦታ ሓለዋ እናገበርካ ክሸፈን ካብ ዘይተኻእለ፡ ኩልና ተዓዘብቲ ሓላፍነትና እንተተዋጺእና፡ ፌደረሽን ዞባ ማእከል ድማ፡ እንተውሓደ ንናይ መዛዘሚ ቦታ ሓጹር እንተገይሩሉ፡ ንድሕነትን ዜናዊ ሽፈንን ሓጋዚ እዩ።

## ቢንያም፡ ቁመናኡ ይመልስ ኣሎ

ኤርትራዊ ተቐዳዳማይ ክለብ ኢንተርማርሸ ቢንያም ግርማይ፡ ሰንበት ኣብ ዝተዛዘመ 'ቡክለስ ደ ላ ማየን'፡ ኣብ ቀጠልያ ማልያ ካልኣይ ወዲኡ።

እቲ ኣብ ፈረንሳ ንመበል 50 ግዜኡ ዝተሰላሰለ ውድድር፡ ሰለስተ መድረኻት ነይሩዎ። ቢንያም፡ ኣብ ቀዳመይቲ ካልኣይ፡ ኣብ ካልኣይቲ 10ይ ወጺኡ ነይሩ። ኣብ መዛዘሚ መድረኽ ካብ ዕወት 32 ካልኢት ድሒራ ንዝመጸት ጉጅለ ብሹኣ ረቲዑን ንብርያን ኮኣርድ ኣኽቲሉን ከኣ ካልኣይ ደረጃ ሐዚ።

ነታ 163.9 ኪሎሜተር ዝሸፈነት መድረኽ፡ ጀርመናዊ ተቐዳዳማይ ቱዶር - ማሪያስ ማርሆፈር እዩ፡ መጥቃዕቲ ብምጥባር - ብ3 ሰዓት፡ 32 ደቒቕን 54 ካልኢትን ተዓዊቱላ።

ናይ ሹኣ ዓቕሙ ቀስ ብቐስ ዝመልስ ዘሎ ቢንያም፡ በዚ ወጽኢት ብ46 ነጥቢ ኣብ ቀጠልያ ማልያ ካልኣይ ደረጃ ሐዚ ዛዚሙ። ፈረንሳዊ ፔሪ ላቱር፡ ብ57 ነጥቢ ዕወት ኮይኑ።




## ኣልሂላል ንኣልጋሽ ብገፊሕ ረቲዓታ

ግጥማት ሊግ ዓንሰብ ብሰንበት ኣብ ዝቐጸለሉ፡ ኣልሂላል ንኣልጋሽ ብገፊሕ ከምዝሰዓረታ፡ ወከልቲ ዜና ናይ'ቲ ዞባ ሓቢሩ።

ኣብ ርኩብ እዘን ጋንታታት፡ ኣልጋሽ እያ፡ ካብ ፈላሚት ደቒቕ ሓደገኛ ፈተነታት ኣካይዳ። ኣብ ማብል 11 ደቒቕ ድማ፡ ብመንገዲ ስምኦን ሕድሩ ጽብቕቲ ሸቶ ኣመዝጊባ። ግብረ መልሲ ኣብ ምሃብ ዕውትቲ ዝነበረት ኣልሂላል ከኣ፡ ብመንገዲ ኖህ ተስፉዝጊ ኣብ ማብል 34 ደቒቕ ተመራረያ ናብ ዕረፍቲ ወጺኣ።



ዋርሳይ_ደበሳይ

ኣብ ካልኣይ እብረ፡ ኣልሂላል ኣውዳድባኣ ኣመሓይሻ ብምቕራብ፡ ሰለስተ ሸቶታት ካብ ሚሮን ጉብረመስቀል፡ ክልተ ከኣ ካብ ኖህ ተስፉዝጊ ብዘረኸበተን ሸቶታት ብገፊሕ 6-2 ተዓዊታ። ሃትሪክ ዝሰርሐ ሚሮን ጉብረመስቀል ድማ፡ ብሉጽ ተጻዋታይ ናይቲ ጸወታ ተባሂሉ።

ዝሰዓበት ጸወታ፡ ንደንደንን ሳሳለን ዘራኸበት ነይራ። ኣብቲ ምቕሉት ዝዀበለሎ ኩነታት ኣየር፡ ደሓን ዝኾነ ጸወታ ተራእዩ። ቀዳማይ እብረ ክዛዘም ውሑዳት ደቓይቕ ምስ ተረፉ፡ ሳሳለ ብመንገዲ ዋርሳይ ደበሳይ መሪሕነት ዘተሓዘታ ሸቶ ረኺባ።

ድሕሪ ዕረፍቲ፡ ደንደን ዝተመዝገበም ሸቶ ክሕወዩ ጻዕርታት እኳ እንተኣካየዱ፡ ክሰልጦም ግና ኣይከኣለን። ብመንጽሩ ሳሳለ፡ ኣብ ማብል 60 ደቒቕ ካብ ቢንያም መርሃዊ ሸቶ ወሲኻ 2-0 ተዓዊታ። ዋርሳይ፡ ብሉጽ ተጻዋታይ ተባሂሉ ተሸሊሙ።

ካልኣይ ዙርያ ዙኻይድ ዘሎ ሊግ ዓንሰባ፡ ጸባሕ ረቡዕ ኣልነስር ምስ ኣልጋሽ ከምኡ'ውን ኣልሂላል ምስ ኣልሳሕል ብዝካየዳኦ ግጥማት ክቕጽል እዩ።

### መደብ ጸወታ

**ሎሚ**

**ሻምፕዮን ከዕሶ እግሪ ደቂ ተባዕትዮ ዞባ ማእከል ኣብ ስታድዮም ኣስመራ**

ማይ ተመናይ - ቀይሕ ባሕሪ 2:00 ድ.ቀ

ደንደን - ኣስመራ በራ 4:00 ድ.ቀ

**ጽባሕ**

ገጀረት - ዕዳጋ ሓሙስ 2:00 ድ.ቀ

ኩጣንያ ሰገን - ሰምበል 4:00 ድ.ቀ

## ፒኤስጂ፡ መበል 24 ዋንጫ ሻምፕዮን ሊግ ዘልዓለት ክለብ ኮይና

ፈረንሳዊት ክለብ ፒኤስጂ፡ ቀዳም ምሸት ንኢንተር ሚላን ኣብ ፍጻመ ጸወታ ሻምፕዮንስ ሊግ ሰዒራ፡ ሃዘ ዝዓበየት ኤውሮጳዊት ጽዋእ ዘልዓለት መበል 24 ክለብ ኮይና።

እዚ ብኢጋኡ ልዑል ቀላሕታ ረኺቡ ዝነበረ ጸወታ፡ ካብ ግምት ወጻኢ ብኣዝዩ ዓብላሊ ጸወታ ብገፊሕ ዓወት ፒኤስጂ፡ 5-0 እዩ ተዛዚሙ። ንባርሴሎና ብድምር 7-6 ሰዒራ ዝሓለፈት ኢንተር ሚላን፡ ብኹሉ መዳይ ልእላዊቲ ኮይና እያ ኣምሲያ። ፒኤስጂ፡ ቅድሚ ዕረፍቲ ካብ ሓኪሚን ደወ፡ ድሕሪ ዕረፍቲ ድማ፡ ካብ ደወ፡ ክቫርትስኬልያን ማዩላን ሸቶታት ረኺባ። ኣብ ታሪኽ እዚ ውድድር፡ ዝፍሓለ ናይ መዛዘሚ ዓወት ከኣ ሰፊዱ።

እዛ ጋንታ፡ ኣብ 2011 ብቀጠራውያን ሰብ ጸጋ ክትግዛእ እንከላ፡ ኣብ ኤውሮጳ ማብል 48 ዝበለጸት ክለብ ተሰሪዓ ነይራ። ኣብ ነፍሲ ወከፍ ዓመት፡ ኣለዉ ዝበሃሉ ተጻወትቲ እናምጸኣት ድማ፡ ንሊግ ሃገራ ክትዕብልሎ ጀሚራ። ዝዓበየ ሕልማ ዋንጫ ሻምፕዮን ሊግ ምዕታር ብምንባሩ ከኣ ክሳብ ዝሓለፈ ዓመታት ንመሲ፡ ነይማርን ምባፐን ጠርኒፉ ሕልማ ከተግህድ ሃቂና - ኣይተኻእለን። ነዚም ከዋኽብቲ ኣፋንያ ግና፡ ኮኾብ ኤውሮጳ ኮይና።

ዓላሚ ናይ'ዛ ጋንታ - ልዊስ ኤንሪከ፡ ካልኣይ ኣሰልጣኒ 'ክልተ ግዜ ስሉሳዊ ዓወት ዝተጐናጸፈ' ኮይኑ ኣሎ - ድሕሪ ዓላሚ ማን ሲቲ ፐፕ ጓርድዮላ። እዚም እስጳኛውያን ኣሰልጠንቲ፡ ቅድሚ ምስዛን ዘለወን ክለባት ምጽንባርም ተመሳሳሊ ታሪኽ ብምስራሕ፡ ኣብ ዝተፈላለየ እዋን ንባርሳ እናዓለሙ እዮም ቀዳማይ ስሉሳዊ ዓወት ኣመዝጊቦም።

ብኮልእ መዳይ፡ ፒኤስጂ፡ ቀዳመይቲ ተሰላፊት ጋንታኡ፡ ብገምጋም 25 ዓመትን 96 መዓልታትን ዕድመ ነይሩዋ። ገምጋም ዕድመ ኢንተር ድማ፡ 30 ዓመትን 242 መዓልታትን ነይሩ። በዚ ድማ፡ ኣብ ታሪኽ እዚ ውድድር ኣብ መዛዘሚ ካብ ዝተሰለፉ ጋንታታት እቲ ዝዓበየ ናይ ዕድመ ፍልልይ ኮይናን - ናይ ሓሙሽተ ዓመትን 146 መዓልታትን ፍልልይ ስለዝነበረን።



# ዜና ዓለም

ማርታ ክብሮም

## ስዑዲ ዓረብ ንእስራኤል ትኹንን

ሚኒስተራት ጉዳያት ወጻኢ ግብጺ፡ የርዳኖስ፡ ቀጠር፡ ስዑዲ ዓረብን ሕብረት ኢማራት ዓረብን ኣብ ከተማ ፍልስጤማውያንን ኩናት ወሽመጥ ቃዛን ኣመልኪቶም ክዘራረቡ ናብ ምዕራባዊ ገምገም ምብጻሕ ክፍጽሙ ኣብ ዝተበገሱሉ እዋን፡ ብእስራኤል ከም ዝተኸልከሉ ተፈሊጡ።

ነቲ እስራኤል ዝወሰደቶ ስጉምቲ ዝኾነት ስዑዲ ዓረብ፡ እታ ጸየናዊት ሃገር ንሰላም ድሌታት ከም ዘይብላ ብዝግባር ተርኢ ምህላዋ'ውን ከሲሳ።

ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ስዑዲ ዓረብ ልኡል ፋይሳል ቢን ፋርሃን ኣል ሳዑድ ዝኾነ ዝመልጹ ትማሊ ሰንበት ኣብ ኣማን - ርእሰ ከተማ የርዳኖስ ምስ ሚኒስተራት የርዳኖስ፡ ግብጽን ባሕሬንን ድሕሪ ምርኻብ እዩ።



"እስራኤል፡ እቲ ኮሚቴ ናብ ምዕራባዊ ገምገም ዑደት ከይገብር ምእባይ፡ ንኣኽራርነታ ዘንጸባርቐን ዘረጋግጸን'ዩ። እስራኤል እቲ ጉዳይ ብሰላማዊ መንገዲ ከይፍታሕ ብምእባይ፡ ንሕና ዘይ ንምጉጣም ኣብ ወሽጢ ማሕበረሰብ ዓለም እንገብሮ ዲፕሎማስያዊ ጻዕርታት ብዕጹፍ ንምዕባይ ክንጽዕር ኢና" ክብል'ውን ወሲኹ ገሊጹ።

ክሊ ኣየርን ዶብትን ምዕራባዊ ገምገም ኣብ ትሕቲ ቁጽጽራ ዘሎ እስራኤል፡ ነቲ ንዑደት ዝዘተበሰ ጉጅለ ፍቓድ ከም ዘይትህቦ ዝሓለፈ ዓርቢ እያ ሓቢራ።

ብፈረንሳን ስዑዲ ዓረብን ዝምራሕ ኣህጉራዊ ዋዕላ፡ ኣብ ጉዳይ ፍልስጤም ንምዝታይ ካብ 17 ክሳብ 20 ሰነ ኣብ ኒውዮርክ ክኻየድ ምዃኑ ተፈሊጡ'ሎ።

ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ግብጺ ባድር ዓብደላቲ፡ ዛዕባ እቲ ዋዕላ ድሕሪ ምቕራጽ ተኸሲ ኣብ ቃዛ ኣብ ዝሰፍሑ ዳግመ ህንጸትን ከተማታት ጸጥታን ከም ዘተኩር ገሊጹ።

## ኣብ ፕረዚደንታዊ ምርጫ ፖላንድ፡ ካሮል ናውሮኪ ተዓዊቱ

ካሮል ናውሮኪ ዝተባህለ ዓቃባዊ ፖለቲከኛ፡ ኣብ ካልኣይ ዙርያ ፕረዚደንታዊ ምርጫ ፖላንድ ድሕሪ ምዕዋቱ፡ ንሕቶ ኣብልነት የክሬን ኣብ ኔቶ ከቃወም ቃል ኣትዩ ኣሎ።

ብመሰረት ወግዓዊ መግለጺ ኮሚሽን ምርጫ እታ ሃገር፡ ኩሉ ድምጺ ድሕሪ ምቑጻሩ፡ ካሮል ናውሮኪ 50.89 ሚእታዊት ድምጺ ክረክብ እንከሎ፡ ኣባል ፓርላማ ሕብረት ኤውሮጳ ዝነበረ ቀንዲ መቀናቕንቱ ራፋል ትርዛስኮቭስኪ ድማ 49.11 ሚእታዊት ድምጺ ረኺቡ።

ወላኳ ዝበዝሑ ዜጋታት ናይ'ታ ሃገር ትርዛስኮቭስኪ ክዕወት ትጽቢት እንተ ነበሮም፡ ናውሮኪ ግና ከም ዝዕወት ብምሉእ ምትእምማን እዩ ዝዛረብ ነይሩ።

ንሱ፡ "ንሕና ክንዕወት ኢና፡ ንፖላንድ ድማ ከነድሕና ኢና። ልዕሊ'ቲ ንዓሰርተ ዓመታት ኣብ ስልጣን ዘሎ ፕረዚደንት ዶናልድ ታስክ ኣብ ስልጣን ክንጸንሕ ኣይንደልን ኢና። እዚ ንፋይናንስ ህዝቢ ክቆጻጸር ዘይክእልን ሕልምናን ባህግናን ዝሰርቕን ሕማቕ መንግስቲ፡ ምሉእ ቁጽጽር ክህልዎ ኣይንፈቅድን ኢና፡" እናበለ ኣቐዲሙ ንሰዓብ የጋይድ ከም ዝበረ ይፍለጥ።

ኣቐዲሙ ኣኪያዲ ሰራሕ ሃገራዊ ትካል ምርምር ናይ'ታ ሃገር ዝነበረ ወዲ 42 ዓመት ናውሮኪ፡ ኣብ ቁጠባውን ማሕበራውን ፖሊሲታት ንፖላንዳውያን ዝምችእ ኣካይዳ ከም ዝኽተል ቃል ኣትዩ ኣሎ።



## ህንዲ፡ ምስ ፓኪስታን ኣብ ዘካየደቶ ግጭት ክሳራ ከም ዘጋጠማ ተኣሚና

ሓለቓ ስታፍ ሰራዊት ህንዲ -ጀነራል ኣኒል ቻውሃን፡ ህንዲ ኣብቲ ቅድሚ ገለ መዓልታት ምስ ፓኪስታን ዘካየደቶ ግጭት፡ ነፈርቲ ውግእ ከም ዝኸሰረት ምግላጹ ኣልጀዚራ ሓቢራ።



እቲ ጀነራል፡ ኣብቲ ናይ ዝሓለፈ ወርሒ ግጭት፡ ቀጽሪን ዘይገለጾን ነፈርቲ ውግእ ብፓኪስታን ተሃሪመን ከም ዝወደቓ'ዩ ገሊጹ።

መራሕቲ ህንዲ ኣቐዲሞም፡ ብፓኪስታን ተወቒዐን ዝወደቓ ነፈርቲ ህንዲ ከም ዘየለዋ እዮም ክገልጹ ጸኒሖም።

እተን ጎረባብቲ ሃገራት፡ ብ22 ሚያዝያ ኣብታ ብህንዲ እትመሓደር ዞባ ካሽሚር ሓያሎ በጻሕቲ ብሸበራውያን ዕጡቓት ድሕሪ ምቕታሎም ናብ ግጭት ከም ዝኣተዋ'ዩ ዝገለጽ።

ህንዲ፡ ሕነ ናይቲ ህይወት 26 በጻሕቲ ዝቐዘመ መጥቃዕቲ ንምፍዳይ፡ ብ7 ግንቦት ኣብ ፓኪስታንን ብፓኪስታን ኣብ ዝመሓደር ካሽሚርን መጥቃዕቲ ከም ዘካየደት ኣይርሳዕን።

ህንዲ ብዘይካዚ፡ ፓኪስታን ነቶም ኣብ መሬታ ተዓቝቦም ዘለዉ ዕጡቓት ጉጅለታት ትድግፎም ምህላዋ ወቒሳ ነይራ።

ፓኪስታን ብወገና፡ ኣብቲ መጥቃዕቲ ኢድ ከም ዘይብላ ብምግላጽ፡ ንክስታት ህንዲ ተጸጊ።

ሓደ ላዕለዋይ በዓል ስልጣን ፓኪስታን፡ ሽዱሽተ ነፈርቲ ኩናት ህንዲ ኣብቲ ግጭት ተሃሪመን ከም እተሓምሸሻ እኳ እንተ ገለጸ፡ እቲ ህንዳዊ ጀነራል ግና፡ ኣብቲ ግጭት፡ ህንዲ ናይ ነፈርቲ ክሳራታት ከም ዘጋጠማ ካብ ምግላጽ ሓሊፉ ዝርዝራዊ ሓበሬታ ኣይሃበን።

ኣብ ቻይና ዝርከብ ኤምባሲ ህንዲ ብወገኑ፡ ነቲ ፓኪስታን ዝጠቐሰቶ ቁጽሪ ዝተሓምሸሻ ነፈርቲ "መሰረት ዘይብሉ ሓሶት" ክብል ኺጊዎ ነይሩ።

## ኣመሪካ - ብመጥቃዕቲ ቦምባ ሽዱሽተ ሰባት ቈሲሎም

ፖሊስ ክፍለ ሃገር ኮሎራዶ - ሕመኣመራኻ፡ ዝሓለፈ ሰንበት ድሕሪቲ ኣብ ከተማ ቦልደር ሽዱሽተ ሰባት ዘቚሰለ መጥቃዕቲ ቦማ ምፍጻሙ፡ ንሓደ ጥርጡር ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ከም ዘእተወ ገሊጻም።

ፈደራላዊ ቤት ጽሕፈት መርመራ ገበን ኣመሪካ (ኤፍ.ቢ.ኣይ.) ብወገኑ፡ እቲ ዝተጻፈመ መጥቃዕቲ ግብረ ሽበራዊ ዕላማ ከም ዝነበሮ ሓቢሩ።



እቲ መሓመድ ሳብሪ ሶሊማን ዝተባህለ ወዲ 45 ዓመት ጥርጡር፡ "ንፍልስጤም ናጻ ግበሩዋ" ኢሉ ድሕሪ ብምጭዋር፡ ናብቲ ብበዝሒ ሰብ ዝንቀሳቐሰሉ ዝነበረ ክፋል እታ ከተማ ቦማ ብምድርባይ ኣብ ልዕሊ ሰባት ጉድኣት ከም ዘውረደ፡ ወኪል ኤፍ.ቢ.ኣይ. ማርክ ሚካሌክ ገሊጹ።

ኣብቲ ከባቢ ዝነበረ ሓደ ናይ ዓይኒ ምስክር ከም ዝሓበሮ ድማ፡ እቲ ሰብኣይ ነቲ ሐዚዎ ዝነበረ ተባራዒ ጥኡታ ናብ ማእከል ህዝቢ ድሕሪ ምድርባዩ፡ ኣብ ጥቓኡ ዝነበሩ ኣርባዕተ ደቂ ኣንስትዮ ከሉ ኣትሰተን ክሕድድ ከም ዝረአየን ገሊጹ።

ድሕሪ እቲ ፍጻሜ፡ እቲ ጥርጡር ብቖጥታ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ከም ዝኣተወ እዩ ተገይሩ።

በቲ መጥቃዕቲ ዝቖሰሉ ሰባት ኣብ ኣዝዩ ተኣፋፊ ኩነታት ከም ዘለዉ'ውን፡ ሰበ ማዚ ጥዕና ኮሎራዶ ሓቢሮም።

ኣብ ከተማ ቦልደር ዝነብሩ ኣይሁዳውያን ብወገኖም፡ ነቲ መጥቃዕቲ ኮኒኖሞ ኣለዉ።

ኣብታ ከተማ፡ ልዕሊ 35 ሽሕ ኣይሁዳውያን ከም ዝነብሩ፡ ጸብጻባት ይሕብሩ።

## ናይጀርያ - ቁጽሪ ግዳያት ዕልቅልቕ ይውስኽ

ዝሓለፈ ሰሙን ኣብ ከተማ ኒጀር - ናይጀርያ ብዘጋጠመ ሓደጋ ዕልቅልቕ 151 ሰባት ከም ዝሞቱን ካልኦት ኣሸሓት ነበርቲ ድማ ብዘይ መንበሪን መዕቆቢን ተሪፎም ከም ዘለዉን፡ ሓደ ላዕለዋይ በዓል ስልጣን ናይ'ታ ሃገር ንሮይተርስ ሓቢሩ።

ኣብ ትካል ህጹጽ ሓደጋ ዳይረክተር ክፍሊ ሓበሬታ ኢብራሂም ሑሰይኒ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ዝሓለፈ ዓርቢ ቁጽሪ ግዳያት 117 ከም ዝነበረ፡ ድሕሪ ክልተ መዓልቲ ግና እቲ ቁጽሪ ናብ 151 ክብ ከም ዝበለ ገሊጹ።

በቲ ባህርያዊ ሓደጋ ልዕሊ 3 ሽሕ ሰባት ካብ ቤቶም ተመዛቢሎም ከም ዘለዉ'ውን ወሲኹ ኣረዲኡ።

እቲ ዝሓለፈ ረቡዕን ሓሙስን ኣኪታቲሉ ዝዘረመ ከቢድ ዝናብ ዘስዓቦ ዕልቅልቕ፡ ኣብ ትሕቲ ቅርጺ'ውን ከቢድ ዕንወት ኣውሪዱ ከም ዘሎ'ዩ ዝሕበር።

ብዘወሰኸ፡ ብዙሓት ሰባት ብጭቃ ተደቢዮም ብምህላዎም፡ ኣባላት ህይወት ኣድሕን እታ ሃገር ኣብ ጸዕቕ ስራሕ ተጸሚዶም ከም ዘለዉ ይግለጽ።

ደሮ ድማ ህጻናት ዝርከብዎም 11 ሰባት ካብቲ ዝተደበዩሉ ጭቃ ኣውጺኦም ናብ ሆስፒታል ከም ዘብጽሕዎም፡ ሰበ ማዚ ናይ'ታ ሃገር ይሕብሩ።

ብዘይካዚ፡ ንደቡባውን ምዕራባውን ክፋል እታ ሃገር ዘራኽብ ድንድል ብምፍራሱ፡ ንምንቅስቓስ ተሸገርገርቲ ኣጺጋሚ ኮይኑ ኣሎ።



ኣብታ ሓደጋታት ዕልቅልቕ ብተደጋጋሚ ዘጋጥማ ናይጀርያ፡ ኣብ 2022 እውን ብተመሳሳሊ ሓደጋ ልዕሊ 600 ሰባት ክሞቱ ከለዉ፡ ልዕሊ 1.4 ሚልዮን ነበርቲ ድማ ካብ መንበሪኦም ከም እተዘናበሉን ልዕሊ 440 ሽሕ ሄክታር ናይ ሕርሻ መሬት ምሉእ ብምሉእ ከም እተደምሰሰን፡ ናይ ሽው ጸብጻባት የመልክቱ።


| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ኣምፔሮ | 3/06/2025 | ጎደና ሓርነት ቁ.158፡ ፊት ሲነማ ኣምፔሮ | 121480 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services